# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.151 | ሰሉስ 24 ለካቲት 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ጥርዚ ንድየት ጉጅለ ብልጽግና


ገጽ 4
ምስ መግብታት እንወስዶ ...


ገጽ 5

ኣፋዊ ስነ ግጥሚ

ገጽ 8
ከም ስፍ ምዃን



## ስነ-ስርዓት ቀብሪ ኣባል ቅዱስ ሲኖዶስ - ብጹእ ኣቡነ ጴጥሮስ ተፈጺሙ

ስነ-ስርዓት ቀብሪ ኣባል ቅዱስ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራን ሊቀ ጳጳስ ሃገረ ስብከት ማእከልን ብጹእ ኣቡነ ጴጥሮስ፡ ብ22 ለካቲት ተፈጺሙ።

ኣብ መላእ ኤርትራ ዝርከባ ገዳማትን ኣብያተ-ክርስትያናትን ካብ ፍርቂ ለይቲ ጀሚረን 12 ግዜ ደወል ብምድዋል ጸሎተ ፍትሓት ከብጽሓ፣ ሊቃውንቲ ውሉደ ክህነት ድማ ኣብ ርእሰ ኣድባራት ደብረጽዮን ቅድስቲ ማርያም ስብሓታት እግዚኣብሄርን ጸሎተ ፍትሓትን ከብጽሑ ድሕሪ ምሕዳር፡ ኣስከሬን ቅዱስነቶም ካብ መንበሪ ገዛኦም ተበጊሱ ብብጹእ ወቅዱስ ፓትርያርክን ብጹኣን ሊቃነ ጳጳሳትን ጳጳሳትን ተዓጂቡን ብሞተር ብሽክሌታ ፖሊስ ትራፊክ ተመሪሑን ኣብ ርእሰ ኣድባራት ደብረ ጽዮን ቅድስቲ ማርያም ምስ በጽሐ፡ ግቡእ ስርዓተ ፍትሓት በጺሑ።

ኣብ'ቲ ሱብ-መዚ መንግስቲ ዝተረኽብሉ ስነ-ስርዓት፡ ታሪኽ መዋእል ብጹእ ኣቡነ ጴጥሮስ ምስ ተነበን ብጽሑፍ ዝተላእከ መግለጺ ሓዘንን ምጽንናዕን ኣሓት ጸባሓውያን ኣብያተ-ክርስትያናትን ናይ ወጻኢ ኣህጉረ ስብከታትን ምስ ቀረበ፡ ሓጺር መልእኽቲ ምስጋናን ቡራኬን ብብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ቀዳማዊ - 6ይ ፓትርያርክ ወርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ በጺሑ።

ስነ-ስርዓት ፍትሓትን ናይ መወዳእታ ፈነዋን ኣብ ርእሰ ኣድባራት ደብረ ጽዮን ቅድስቲ ማርያም ምስ ተዛዘመ ድማ፡ ግብኣተ መሬት ልክዕ ፍርቂ መዓልቲ ኣብ ገዳም ቅድስት ድንግል ማርያም ደብረሲና ተፈጺሙ።

ብጹእ ኣቡነ ጴጥሮስ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ዲዮስቆሮስ 4ይ ፓትርያርክን ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ቄርሎስ 5ይ ፓትርያርክን ንክልተ እዋን ዓቃብ መንበር ቅዱስ ፓትርያርክ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ ኰይኖም ከምዘገልገሉ ዝፍለጥ'ዩ።


ስእሊ-ኣብርሃም በየነ

ብዘይካ'ዚ፡ ንኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ ወኪሎም፡ ኣብ ዓበይቲ ሃገራውን ዓለምለኻውን ጉባኤታት ተሳቲፎም'ዮም።

ኣባል ቅዱስ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራን ሊቀ ጳጳስ ሃገረ ስብከት ማእከልን ብጹእ ኣቡነ ጴጥሮስ፡ ብ20 ለካቲት'ዮም ኣብ መበል 86 ዓመት ዕድመኦም ብሕማም ዓሪፎም።

## ማእከል - ጥዕናዊ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ቲራቮሎ፡ ኣብ ጥዕና ከምኡ'ውን ሳዕቤናት ሃሰይቲ ልምድታትን ሕጋዊ ሳዕቤናቱን ዝተኮረ ኣስተምህሮ፡ ብ22 ለካቲት ንልዕሊ ሓደ ሽሕ ነበርቲ ተዋሂቡ።



እቲ ብኣባላት ጨናፍር ጥዕናን ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ማእከል፡ ከምኡ'ውን ቤት-ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ኣብ መሰላት ቈልዑ፡ ምውጋድ ክሸቦ ደቂኣንስትዮ፡ ኣፍልጦ ሕጊ ኣብ ጎዳእቲ ልምድታት፡ ከምኡ'ውን ምውጋድ ኣወለፍቲ ነገራት ዝተኮረ፡ ብተንቀሳቓሲ ስእሊ ዝተሰነየ ነይሩ።

ኣመሓዳሪት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ልኡል ኣሰራት ኣብ ዘስመዐቶ ቃል፡ ነበርቲ ብሱብ ሞያ ንዝወሃብ ኣስተምህሮ ብግቡእ ክተግብሩ፡ ኩነታት ደቆም ክከታተሉን ጸጥታ ከባቢኦም ንምውሓስ ብንቕሓት ክዋስኡን ኣተሓሳሲባ።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ዞባ ማእከል ብሃማመተኤ ዝተወደበ፡ ሃገራዊ ኩበርታት ናብ መንእሰያት ንምስግጋር ዝዓለመ ዑደት፡ ብ21 ለካቲት ናብ ማይ-ድምኑትን ኣዳራሽ ዛግርን ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ዑደት፡ ካብ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ዞባ ማእከል ማለት ሰማእታት፡ ሓላይን ደንደንን ዝተዋጽኡ ተመሃሮ ተሳቲፎም።


ስእሊ-ዙበር ስዒድ

## ፎሮ - ሸፈነ ክታበት ዕብየት ኣመዝጊቡ

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሮብሮቢያ - ንኡስ ዞባ ፎሮ ኣብ እትርከብ መደበር ጥዕና፡ ሸፈነ ክታበት ኣብ 2025 ከምዘዕበየ ተገሊጹ።

ሓላፊ መደበር ጥዕና ሮብሮቢያ ተሓጋጋዚ ነርስ ኪዳነ መሓሪ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ቀጽሪ ክንክን ዝጉብራ ነፍሰ-ጾራት ብኣስታት 20 ሚእታዊት፣ ቀጽሪ ኣብ ትካል ጥዕና ዝሓረሳ ነፍሰ-ጾራት ድማ ብልዕሊ 13 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ ኣረዲኡ።

ሳላ ዝዓበር ቀጻሊ ጎስጓሳት፡ ቀጽሪ ወለንታዊ መርመራታት ዝገብሩ ዜጋታት'ውን ብልዕሊ 5 ሚእታዊት ካብ ከምዝበለ ብምሕባር፡ መርመራ HIVን ፍንጣጣን ካብ ዝተገብረለን 238 ነፍሰ-ጾራት፡ መጠን መልከፍቲ ባዶ ከምዝነበረ ኣነጺሩ።

ተሓጋጋዚ ነርስ ኪዳነ ኣስዒቡ፡ እቲ ከባቢ ኣብ መንጎ ዓበይቲ ሩባታት ሓዳስን ዓሊገደን ስለዝርከብ ዓሳው ምኻኑ ጠቒሱ፡ ሎሚ ዓመት ተርእዮ ዓሶ ንምቊጽጻር፡ ምስ መሻርኽቲ ብምውህሃድ ውጽኢታዊ ስራሕ ከምእተዓመ ሓቢሩ።

መደበር ጥዕና ሮብሮቢያ፡ ንልዕሊ 11 ሽሕ ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ሮብሮቢያ፡ ዓራብዕቶን ማሕፌድን፡ ከምኡ'ውን ገለ ክፋል ምምሕዳራት ከባቢ ማልካን ሩባ-ሓዳስን ተገልግል።

# ገለብ - ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ብርኩት ምህርቲ ይርከቦ ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ገለብ ክካየድ ዝጸንሐ መስርሕ ምብዛሕ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ፡ ዕዉት ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ ተገሊጹ።

ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኤክስተንሽን ኣቶ ሰመረ ኣምለሶም ምስ ኣብ ምብዛሕ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ዝተጠፉ ዘለዉ ሓረስቶት ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ዝሓለፈ ዓመት ዝተዓደለ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ዝምስገን ፍረ ከምእተረኽቦ ብምጥቃስ፡ ንዘካየድዎ ጻዕሪ መጕሱ።

ክሊማ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ንምብዛሕ ድንሽ ምቹእ ምዃኑ ጠቒሱ ድማ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣቓልቦ ሂቡ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ኣገንዚቡ።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ሓላፊ ኣሃዱ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ኣቶ ከሰተ ርእሶም ብወገኑ፡ ሓረስቶት ንዝተዓደሎም ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ግቡእ መምርሒ ተኸቲሎም ምስ ዝጥቀሙሉ፡ ከምኡ'ውን ግራውቶም ብግቡእ ምስ ዘዳልዉ፡ ዝሓሸ ምህርቲ ክሓፍሱ ከምዝኽእሉ ገሊጹ።



ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ላዕለዋይ ክኢላ ምብዛሕ ዘርኢ ድንሽ ኣቶ ተወልደብርሃን ኣሮን ብግደኡ፡ ተሰሪሖ ዘሎ ዘተባብዕን ንኻልእ መደባት ኣንፈት ዝትሕዝን ምዃኑ ብምግላጽ፡ ኣብ ገማግም ሩባ ዓንሰባ ዘለዉ ወሃኑቲ ጀራዲን፡ ነዚ ዕድላት ተጠቒሞም ምህርቶም ክዕብዩ ተላብዩ።

ሓረስቶት ብግደኦም፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ምዕባይ እቶት ዘተኮረ ንዘገብሮ ዘሎ ደገፍ ብምምስጋን፡ ንዝተዓደሎም ዘርኢ ብግቡእ ተጠቒሞም ንዝተረኽበ እቶት፡ ናብ ካልኦት ሓረስቶት ንምትሕልላፍ ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

# ደ/ቀ/ባሕሪ - ብርሰት ኣግራብ ንምክልኻል ብውህደት ክሰራሕ መዘኻኸሪ ቀረቡ

ባህሊ ዕቃብ ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ንምድንፋዕ ብውህደት ክሰራሕ፡ ሓላፊ ቁጽጽር ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣብ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ - ምኽትል ኮርፖራል መሓመድ ኣሕመድ ኣዘኻኺሩ።



ኣብ'ቲ ዞባ ምስ ዘሎ ዋሕዲ ሃብቲ ገረብ ብምንጽጻር፡ ተርእዮ ብርሰት ኣግራብ ኣሰካፊ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ዝጸንሐ ባህሊ ምዕቃብ ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ንኽቕጽል፡ ተራ ሕብረተሰብን ኣካላት መንግስትን ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ።



ምኽትል ኮርፖራል መሓመድ ብተወሳኺ፡ ብርሰት ኣግራብ ንምግታእ ብመሰረት ኣዋጅ ዕቃብ ልምዓት ዱርን እንስሳ ዘገዳምን ይሰራሕ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ኣዋርሕ ብዝተገብረ ቁጽጽራዊ ስራሕ ዝተታሕዙ፡ መቕጻዕቲ ከም እተበየነሎም ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ እናበዝሐ ዝኸይድ ዘሎ ብርሰት ኣግራብ ሳዕቤኑ ከይከበደ ንምክልኻሉ፡ ኩሉ ኣካል ብንቕሓት ክሳተፍ ኣዘኻኺሩ።

# መንደፈራ - ውጽኢት ተመሃሮ ንምምሕያሽ ዝተተግበረ መደባት ዕዉት ምንባሩ ተገሊጹ

ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ውጽኢት ተመሃሮ ንምምሕያሽ ብደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተተግበረ መደባት ውጽኢታዊ ምንባሩ፡ ብ19ን 20ን ለካቲት ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም ተገሊጹ።

ሓላፊት ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ብላለ ኣርኣያ ኣብ ዘቕረብቶ ጸብጻብ፡ ደረጃ ምሕላፍ ተመሃሮን መጠን ምቁራጽን ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብምንጽጻር ምምሕያሽ ከምዘርኣየ ብምጥቃስ፡ ናውቲ ትምህርቲ ኣብ እዋኑ ምዕዳሉ፣ ብቕዓት ተመሃሮ ንምምሕያሽ ተወሳኺ ሓገዛት ምግባሩ፣ ወለድን መሻርኽቲ ኣካላት መንግስትን ዝተሳተፍዎ ዓውደ-ዘተታት ምኽያዱ፣ ከምኡ'ውን ውጥን ምህሮ ኣብ እዋኑ ምድላዉ፡ ካብ ዝዘበሩ ብልጫታት ከምዝኾኑ ሓቢራ።

ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን መምህር ገብሩ ሓድሽ ብወገኑ፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ቀዳማይ ፍርቂ ዓመት 2025/2026



ስእሊ-የዕብዮ ባህታ

ዝዓመምኦ ንጥፈታት ንዘበለጸ ውጽኢት ዝድርኽ ምዃኑ ጠቒሱ፡ ንዝደኸሙ ተመሃሮ ንምሕጋዝ፡ መምህራን ምስ ወለዲ ሓቢሮም ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ ህዝቅያስ ወህበት ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ምርግጋጽ ብቕዓት ትምህርቲ መሰረት ናይ ኩሉ ዘውጠን መደባት ስለዝኾነ፡ መምህራን ብዕቱብ ክጽዕቱ ብምልባው፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ሕጽረታት ኣብያተ-ትምህርቲ ንምምላእ ከምዝጥፍ ኣረጋጊጹ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ኣፍዓበትን ሸዕብን ተመሳሳሊ ገምጋማት ከምእተኻየደ፡ ወኪላት ኤሪና ሓቢሮም።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቊ.ስ.113395-07588045

ምልክታ

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳጶ. 1284


# ማይምነ - ተወሳኺ መምሃሪ ክፍልታት ተሃኒጹ

ኣብ ምም/ከባቢ ዓዲ-መርሆ - ንኡስ ዞባ ማይምን፡ ጸቢት መምሃሪ ክፍልታት ንምፍታሕ ብኣበርክቶ ህዝቢ ዝተሃንጸ ክፍልታት፡ ብ15 ለካቲት ተመሪቑ።

ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ሕሉፍ ዑቕባ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ተመሃሮ ብሰንኪ ጸቢት ክፍልታት ኣብ ግዝያዊ ዳሳት ክመሃሩ ምጽንሖም ብምጥቃስ፡ ህዝቢ ኑቲ ጸገም ንምፍታሕ ብዘወሰዶ ስጉምቲ፡ ሰለስተ ክፍልታት ከምዝሃነጸ ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ማይ-ምነ ሌተናል ኮሎኔል ኣብርሃም ሃይለ ብወገኑ፡ ህዝቢ ሕጽረት ትካላት ትምህርቲ ንምቅላል ብዝተወደበ መንገዲ ንዝገብሮ ዘሎ ኣበርክቶ ብምምጓስ፡ ካልኦት ምምሕዳራት ከባቢ ነዚ ኣብነታዊ ተበግሶ ክስዕባ ኣዘኻኺሩ።

መባእታ ቤት-ትምህርቲ ዓዲ-መርሆ ኣብ 2001 ኣገልግሎት ዝጀመረት ኮይና፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ካብ ሰለስተ ዓድታት ንዝመጽኡ ተመሃሮ ኣገልግሎት ትህብ ዘላ'ያ።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ጸሮና ዓቕምታት ደቂኣንስትዮ ብምሕያል ተሳታፍነተን ንምዕዛዝ ዝተኻየደ ኅስኣሳት፡ ዝምስገን ውጽኢት ከምእተረኽቦ ተሓቢሩ።

ሓላፊት ሃማደኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ሳሊሓ መሓመድብርሃን፡ ዘይተወደባ ደቂኣንስትዮ ብሓፈሻ ተመሃሮ መንእሰያት ድማ ብፍላይ ተጠርኒፈን ኣበርክቶአን ከዕዝዛ ምእንቲ ዝተሰላሰለ ስራሕ ዕዉት ምንባሩ ኣብሪሃ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ነበርቲ ሓውሲ ከተማ ጸሮናን ሰራሕተኛታት መንግስትን፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ወፈራ ምኽስኻስ ኣግራብን ጽሬትን ከምዘካየዱ፡ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

# ዛዕባ ሎሚ

## ጥርዚ ንድየት ጉጅለ ብልጽግና

ስልጣን መሓመድስዒድ ዑመር

ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ኣሰልቻውን ሚዛን ዘይብሉን ሃለውሳ ጉጅለ ብልጽግና፡ ንሰላምን ጸጥታን ከባቢና ክህውጽ ጸኒሑ ኣሎ። ኣብዚ ንክትሰምዖ'ውን ዘሰገድግደካ ንሓድሕዱ ዝጋጮን ኣንፈቱ ዝሰሓተን መግለጺታት፡ ማእከላይ ቦታ ዝሕዝ ድማ፡ እቲ ብሓሶትን ስልበጣን ዝተተኹተኸ ባህርያት ካድራት ናይቲ ጉጅለ እዩ።

ኣብ መቓን'ዚ ብሓድሽ ኣገባብ ዝቐለሰ ዘሎ ብሉይ ህርፋን'ዚ፡ ብመጉታውን ሕጋውን ድርኺት ዝምራሕ ኤርትራዊ ኣተሓሳስባ ኣሎ። ንሱ ድማ ኣንጻር'ዚ ልቕሉቕ መቓብር ዝኾነ ጉስጓስ ብልጽግና ዝወሃብ ጭቡጥን ሕጋውን ግብረ መልሲ እዩ። ኤርትራ ነዚ ብተመልኩተለይ ዝሳግም ዘሎ ምንሽርታት፡ በቲ ብመግዛእታዊ ውዕላት መሰረት ገይሩ ዝተሓጽረ፡ ብቐልጽም ሓፋሽ ዝተረጋገጸ ናጽነት፡ ብህዝባዊ ረፈረንዱም ካብ ሕጊን ኩብርን ዝለበሰ ዘዮማትእ ልኡላዊ ዶባታ ወትሩ ትጥምቶ ምኻና እዩ።

ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ካብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢትዮጵያ ዝተጻሕፈ ጉራን ሓሶትን ዝመልአ፡ ንሃልኪ ህዝባዊ ርክባት ዓሊሙ ዝተዳለወ፡ 'ዲፕሎማሲያዊ መልእኽቲ' ብዝብል ሽፋን ዝተቓናበረ፡ ንቅሉዕ ዓመጽ ብኩዳን ግዳይነት ክሽፍን ዝሃቀነ ኣበሃህላታት ዝሓቘፈ ናይ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዳንኬራ ክንዕዘብ ቀኒና ኣለና። እዚ ብምትኹታኹ ክምጉት ዝህቅን መንሹር፡ ብዙሕ ኣደንቋሪ ነጥብታት ዝሓቘፈ እዩ። ሓደ ካብኡ፥ "ሰራዊት ኤርትራ ክሊ ዶባትና ጥሒሱ ኣትዩ ኣሎ" ዝብል ነጥቢ ብምቅማጥ፡ ነቲ ብቐንዱ ብውሳነ ቤት ፍርዲ ናይ መወዳእታን ቀያድን ተባሂሉ ዝጸንዐ ሕጋዊ ዶባት ኤርትራ "ፍጹም ኣይኮነን" ዘስምዕ ስዉር መልእኽቲ ይርከቦ። እዚ ብቐንዱ ነቲ ብ1908 ተወሲኑ ዝሓደረ ውዕል ዶባት ዳግማይ ተኸፊቱ ንድርድር/ ዘተ ክፉት ክኸውን ዝእምም እዩ። ምኽንያቱ እቲ፡ "ሰራዊት ኤርትራ መሬት ኢትዮጵያ ሒዙ ኣሎ፡" ዝብል ነግሒ፡ ኣየናይ እዩ እቲ መሬት ኢትዮጵያ ዝበሃል ዘሎ ዝብል ሕቶ ምስ ሓተትካ እቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ምስጢር ይገሃደልካ። ምኽንያቱ ሰራዊት ኤርትራ ኣብቲ ብውሳነ ቤት ፍርድን ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣቢሉ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ዝኾነ ክሊ መሬቱ እዩ ዘሎ። እዚ ድማ ነቲ ኣቐዲሙ ክወጣወጥ ዝጸንሐ ናይ ልኡላውነት ስግኣት ንምምኻት እምበር ካልእ ምኽንያት ዘለዎ ኣይኮነን።

እቲ ካልእ መሰደመም ክፋል ናይቲ ጽሑፍ፡ ንልኡላውነት ኣመልኪቱ ዘቕመጦ ነጥብታት እዩ። ኣብቲ ሰነድ ክታሙ ዘንበረ ብዓል ስልጣን ብልጽግና፡ ኣምር ልኡላውነት ኣብ ሕጋዊ ኣፍልጦ እንተዘይኮይኑ ኣብ ብዝሒ ህዝብን ጂኦግራፍያዊ ፍትሓውነትን ዝብል ኣጉል ፍልስፍና ከም ዘይምርኩስ ኣጥዕዩ ዝፈልጥ ብዓል ሞያ ሕግን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻእን ምኻኑ እዩ።

እዚ ብ7 ለካቲት 2026 ብሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢትዮጵያ ኣብ መሳኹቲ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝተዘርግሐ ደብዳቤ ክንዮ እቲ ካልእ ንድየቱ፡ ብሉጽ ኣብነት ናይ ምልጋብ (Projection) እውን እዩ። ምኽንያቱ ሰበስልጣን ናይቲ ጉጅለ ነቲ ዝፍጽምዎ ዘለዉ ተኾታታሊ ተግባራት ናብ ካልእ ወገን ንምልጋብ ካብ ዘለዎም ምሒር ሃቐነ ዝተበገሰን ብእኡ ኣቢሉ ድማ ንኤርትራ ንምኽሳስ ዘጠዓዕም መሰርሕ ስለዝኾነ፡ ከምዚ 'ሓባል በሊያ ከይትቕደመኪ' ዝዓይነቱ።

እቲ ብኹሉ መለክዒታት ካብ መልእኽቲ ናብ ናይ ምውዕዋዕ መንሹር ዝቐርብ ጽሑፈ ዲፕሎማሲያዊ ታህዲድ (Diplomatic Gaslighting)፡ ኤርትራ ንልኡላዊ መሬት ኢትዮጵያ ጉቢጣ ተቖጻጺራ ከምኡ'ውን ወተሃደራዊ ተጻብኦ ተካይድ ኣላ ዝብል ትሕዝቶ ይርከቦ። እዚ ክሲ'ዚ፡ እቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ንሕጋውነት ልኡላዊ ዶባት ኤርትራን ገማግም ባሕራን ክጻባእ ዝጸንሐ ስርዓት ዘቕርቦ ዘሎ ምዕዝምዛማት እዩ። እዚ ስርዓት'ዚ ግን፡ ነዚ ጥዑይ ኣእምሮ ዘለዎ ሰብ ክጉብሮ ኣይክእልን ተባሂሉ ዝእመነሉ ተግባራት ከመይ ኢሉ ይጉብሮ ኣሎ፡ ንኣምር ልኡላውነት ዘለዎ ትውፊት ምስሉይነት ከመይ እዩ ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ። ከመይሲ፡ ኣብቲ ጽሑፍ ዝሰፈረ ክስታት ባዕሉ ንባዕሉ ሓድሕዱ ዝጋጮን ክዉንነቱ ዘፍረሰን እዩ።

### 1. ስትራተጂ ቅልበሳ ተንኳይነት

መንግስቲ ብልጽግና ነዚ ናይ ምትንኳይ ተግባራት ካብ ዘበግሶ ነዊሕ ግዜ ኣቑጺሩ ኩብቅዕ፡ ኣብዚ ናይ ሕጂ መግለጺ ግን ንኤርትራ ብስግኣት ወራርን ምጥሓስ ልኡላውነትን ጠቒኑዋ ይርከብ። ነቲ ካብ ዓመተ 2024 ጀሚሩ ብግሁድ ክንብድብድ ዝጸንሐ፡ ብስም 'ልኡላዊ ተባጻሕነት ናብ ባሕሪ' ዝካየድ ዳንኬራ፡ ንመሬታዊ ሓድነትን ልኡላውነትን ኤርትራ ዝግህስ ተጻብኦ ምኻኑ እቲ ሰነድ ኣይጠቐሶን። ኣብ ሓደ እዋን ናይ ጐረቤት ሃገር ልኡላዊ ገማግም ባሕሪ ብተፈጥሮ ዝግበኣካ ምኻኑ እናኣወጅካ 'ልኡላውነተይ ይገሃስ ኣሎ' ክትብል በየናይ ኣገባብ፡ ኣህጉራዊ ሕጊ ዝኾነ ይኹን ወገን ናይ ካልእ መሬት ወይ ባሕሪ ንምምንዛዕ ዝካየዶ ክልሰ-ሓሳባውን ግብራውን ፈተነታት/ ተግባራት ኣብ ወራር ልኡላውነት እዩ ዝምድቦ። እቲ ናይ ኢትዮጵያ ናይ ሰማያዊ ቍጠባ መርሓን ካልእ እልቢ ዘይብሉ መግለጺታትን ድማ ነዚ ኣበሃህላ ዝገልጽ እዩ።

### 2. ምስሉይ ቋንቋ ልኡላውነት

እቲ ሰነድ ካብ ዘቐመጦ ካልእ ግርንቢጥ፡ ኤርትራ ሰራዊታ ካብ ልኡላዊ መሬት ኢትዮጵያ ክትስሕብ ዘቐረቦ መጸዋዕታ እዩ። እዚ ጉዳይ ብኽልተ መዳያት እዩ ዝርአ። ብሓደ ወገን ክሲ ብዓል ስልጣን ኢትዮጵያ ነቲ ብኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን (Eritrea-Ethiopia Boundary Commission) ዝተወሃበ ናይ መወዳእታን ቀያድን ሕጋዊ ውሳነ ን20 ዓመታት ዝኣክል ኣብ ባይታ ከይትግበር ዓንቂጻቶ ዝነበረት፡ ኢትዮጵያ ምኻና ዘዘንግዐ ይመስል። በቲ ካልእ ድማ፡ ጉጅለ ብልጽግና ሃንደበት ነቲ ናይ ዶብን ልኡላውነትን ዛዕባ ንዝተወሰነ ጉዳያት ጥራይ ከድምዕ ይኽእል ብዝበሎ ኣገባብ ምምራጹ፥ ንኤርትራ ክጥቅን ኣብ ዝደልየሉ እዋን ጥራይ ብዛዕባ ልኡላውነት ዶባት ከም ዝግደሰ፡ ናብ ኣጀንዳ ገማግም ባሕሪ ክደፍእ እንከሎ ግን ዕሽሽ ዝበሎ ጉዳይ ምኻኑ ዘጽር እዩ። እቲ ጥሕሰት፡ ኢትዮጵያ ብስም "ልኡላዊ ምብጻሕ ልኡላዊ ባሕሪ" እትጉብሮ ዘላ ጎስጓስ፡ ብመግለጺኡ፥ ግዝኣታዊ ሓድነት ኤርትራ ንምግሃስ ዝግበር ፈተነ'ዩ። ዶባት ጎረቤትካ ናብ ዘተ ክኣቱ ከም ዝኽእል ወይ ከም ምእራም ዘድልዮ "ጂኦግራፊያዊ ሓደጋታት" ገይርካ እናኞቐረብካ "ልኡላውነተይ ቅዱስ'ዩ" ክትብል ኣይትኽእልን።

### 3. ካብ ውሽጣዊ ዘይምርግጋእ ንምዝንባል ዝዓለመ ስልቲ

እቲ ካልእ መሰደመም ነጥቢ፡ ጉጅለ ብልጽግና ዝኽተሎ ዘሎ ናይ ፈላሊኻ ግዛእ ፖለቲካዊ መርሓ፡ ጠንቂ ሓድሕዳዊ ግጭት ኣብ መንጎ ዕጡቓት ሓይልታት ኮይኑ ከም ዘሎ፡ ካብ ዓይኒ ኩሉ ዘይተሓብአ ሓቂ እዩ። እቲ ጉጅለ ንኩሎም ጸረ ኤርትራ ምንቅስቓስ ዘካይዱ ወገናት ኣሎ ዝበሃል ደገፍን ምሕብሓብን ከምዝጉብረሎም ድማ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ብጋህዲ ዝርአ ዘሎ እዩ። እቲ ሓቂ ከምዚ እናኾነ፡ እቲ ጉጅለ 'ኤርትራ ንዕጡቓት ጉጅለታት ትድግፍ ኣላ' ኢሉ ንምኽሳስ ትብዓት ምርካቡ ዘገርም እዩ። እቲ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ሓይልታት ይኹን ኣንጻር ፈደራላዊ መንግስቲ ዘጋጥም ዘሎ ግጭታት ብቐንዱ በቲ ንውሽጣዊ ምብትታን ኢትዮጵያ ዓሊሙ ዝሳሰ ዘሎ ኣጀንዳ ናይቲ መንግስቲ ዝተላዕለ እምበር፡ ናይ ካልእ ሓይሊ ደገፍ'ውን ዘድልዮ ኣይኮነን። እቲ ዝቐረበ ወቐሳ እምበር፡ ነቲ ህሉው ኩነት ብምኽዋል ናብ ግዳማዊ "ጸላኢ" ንምስግጋር ዝተጠቕመሉ ሜላ እዩ። ብልጽግና በዚ ንሓድሕዱ ዝጋጮ ትሕዝቶ ዝሓቘፈ መግለጺ ኣቢሉ፥ ነቲ ባዕሉ ዝመቓቐሎ ህዝቢ ኢትዮጵያ ናይ ሓባር ጸላኢ ኣለና ሃየ ንጠርንፍ ንኹብል ንኤርትራ ከም ገሃሲት ልኡላውነት ገይሩ ኣቕሚጡዋ ይርከብ። እንተኾነ መብዝሕትኡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ይኹን ማሕበረሰብ ዓለም፡ ንዘባዊ ሰላምን ልኡላውነትን ቀንዲ ሓደጋ ዝኾነ እቲ ንናይ ባዕሉ ሕልማዊ ባህጊ ከርዊ ካርታ ቀርኒ ኣፍሪቃ ደጊሙ ክስእል ዝጽዕት ዘሎ ናይ ብልጽግና ጉጅለ ምኻኑ ናብ መረዳእታ ገጹ ሰጕሙ ኣሎ።

### 4. ምስምስ ዕርገት ምትፍናን

ኣብቲ ደብዳቤ፡ "ኢትዮጵያ ምስ ኤርትራ ኣብ ጽቡቕ ድሌት ምርኩስ ዝገበረ ዘተ ክትጉብር ድልውቲ እያ፡ እንተኾነ ግን እዚ ክግበር እንተኾይኑ ኤርትራ ካብቲ ወሪራ ሒዛቶ ዘላ መሬት ክትለቅቕ ኣለዋ" ኩብል ምግዱር ጠለብ የቕርብ። እዚ ኣበሃህላ እዚ ብቐንዱ ነቲ ኣብ መጻኢ ክፍጠር ዝኽእል ዝኾነ ዓይነት ግርጭት ቅድመ ኩነት ንምቅማጥ ዝዓለመ እዩ። ኤርትራ ነቲ ብመንግስቲ ብልጽግና ተላዒሉ ዘሎ ስግኣት ንምክልኻልን ህላወኣ ንምውሓስን ዶባታ ናይ ምሕላው ምሉእ መሰል ኣለዋ። ነዚ ድማ ኣህጉራዊ ሕጊ ብምኽባር ተተግቢሮ ኣላ። ነዚ ድማ እዩ እቲ ጉጅለ "ጕብጣ" ኢሉ ብምሰያም፡ ነቲ ናይ ባዕሉ ናይ ወራር ኣንደበት ሕጋዊ መመኽነይታ ክፈጥረሉ ዝፍትን ዘሎ።

ኣብዚ መዳይ'ዚ፡ ክዉንነት እቲ ወሳኒ ረቛሒ ክሳብ ዝኾነ፡ ህላወ ኤርትራ ግዝኣ መሬታ ብምጽናዕ ዝወሓሰ ምኻኑ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ። ብሓፈሻ ግን እቲ ተገላባጢ ገጽታ ዘለዎ ደብዳበ መንግስቲ ብልጽግና፡ ካብ ሕውነት ናብ ክሲ እናኣንከራረወ ንሓቂ ክቕልብስ ዝፍትን ድፍድፍ ሓሶት ዝመልአ መንሹር ካብ ምኻን ንላዕሊ ክወሃቦ ዝኽእል ሲያመ የለን። ብወገን ኤርትራ ነዚ ልቕሉቕ መቓብር ዝኾነ ህውቱት ደብዳበ ዝወሃብ መልሲ ሓደን ሓደን እዩ፡ ንኩናት ዝሸውን ሸውሃት የብልናን፡ ዶባትን ልኡላውነትን ኤርትራ ከኣ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ዝቐረብ ስለዘይኮነ 'ዓዲ ወዓሉ' ጥራይ እዩ።

እቲ ትማሊ፡ "ከም ኣብ እዋን ጸልማት፡ ኣብ እዋን ጸገምካ'ውን ጽላሎትካ ከይተረፈ'ዩ ዝጠልመካ። ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ግና፡ ኣብቲ ከቢድ እዋን ጸገምና ምሳና ደው ዝበሉ ሓቀኛ መሓዙት'ዮም፡ " እናበለ ንሕውነታዊ ምድግጋፍ ዘማሱ ዝነበረ ስርዓት፡ መዓልታዊ ዘረባ እናቐያየረ፡ ንኤርትራ ብዓመጽ ምግሃስ ልኡላውነትን ዝኸሰሰ ደብዳበታት ናብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ብምስዳድ፡ ንጠንቂ ናይዚ ድሒሩ ዘጋጠመ ንልኡላውነት ኤርትራ ዘጻጸረ ኣነዓቢ ትሕዝቶታት ክቕልብስ ብሓሶት ዝተጎብአ ዛንታታት ኣብ ምፍብራኽ እዩ ዝርከብ ዘሎ።

ኤርትራ እዚ ዝበሃል ዘሎ ጠቕነታት ዘየገድሳ ምኻኑ፡ በቲ "ናትና ኣይንህብን ናይ እንዳማትና ድማ ኣይንደልን" ዝብል ንጹር መርሓ ብኣጋኡ ኣነጺራ እያ። እቲ በዚ ዘየወላውል ንጹር መጉትን ሰረተ እምነትን ዝምራሕ ሰራዊት ኤርትራ ድማ ምስ ኢትዮጵያ ናብ ኩናት ንምእታው ባህጊ ዘለዎ ኣይኮነን። ኩሉ ከጸንዕ ግን መሰልን ሓላፍነትን ኣለዎ። እቲ ንሰበስልጣን ብልጽግና ዝርብጾምን ጸቒጢ ዝፈጥረሎምን ዘሎ ጉዳይ ከምቲ ኣብቲ ዕቡድ መንሹሮም ዝተገልጸ ዘይኮነ፡ ክዉንነት ሃገሮም ዘይምቕባል እዩ።

ሰበስልጣን ብልጽግና ነቲ ብሰፊሕ ግንባራት ናብ ልኡላውነት ኤርትራ ኣነጻጺሮም ዘካይድዎ ዘለዉ ዘይሕጋዊ ተግባራት፡ ብመገዲ እዚ ጽሑፍ'ዚ ኣቢሎም፡ ንኤርትራ ብምትኹታኹ ወራርን ምግሃስ ልኡላውነትን ብምኽሳስ፡ ከም ወትሩ ንሓቂ ግዳይ ብምግባር፡ ነቲ ህሉው ክዉንነት ኣዋሲኖም ካልእ መቐልበሲ ድራማ ሃንዲሶም እዮም ኣእዛን ዓለም ከደንቍሩ ዝፍትኑ ዘለዉ። እቲ ሓቂ ግን ወዮ ከምቲ ሓደ ኢትዮጵያዊ ምሁር ዝበሎ፡ "ኢትዮጵያ ኣብ ኩናት ሓድሕድ ክትኣቱ መንገዲ ኣብ ምጽራግ እያም ኣንበሳ ሓላፍነት ዝስከም ኣቢይ'ዩ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት በትረ ስልጣኑ ንምጽናዕ፡ ነቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተኸሰተ ፖለቲካዊ ምስግጋር ጨውዩ፡ ቀላሲ ናይቲ ዝተፈጥረ ፖለቲካዊ ቅልውላው ብምኻኑ፡ ንኢትዮጵያ ኣብ ተደጋጋሚ ውሽጣዊ ግጭት ከም እትሸመም ዝገበረ'ዩ። ዘስምዖ መደረታትን በተን ዝቈጻጸረን ማዕከናት ዜና ዝጋዋሕ መርዝም ትሕዝቶን ዘካይዶ ቀጻሊ ፕሮፖጋንዳን ነዚ ዘረጋግጽ'ዩ። እዚ ሃዋህው'ዚ፡ ንህዝባዊ ናዕቢ ዝደፋፍእ ጥራይ ዘይኮነ ፖለቲካዊ ቅቡልነት ክረኽብ ባይታ ኣጣጢሑ'ዩ። እቲ ሓቂ እዚ ስለዝኾነ፡ ሕጂ ከም ጲላጦስ ኢዱ ክሓጽብ እንተፈተነ፡ ካብ ሓላፍነትን ተሓታትነትን ከምልጥ ኩቶ ኣይክእልን'ዩ።" ብምኻኑ፡ ንኤርትራ ናይ ምጥቃን ክሲታት ዝፍይዶ ነገር ኣይክህሉን እዩ።



ጠንቂ ውሽጣዊ ዘይምርግጋእ ኢትዮጵያ ብቐንዱ ሰንፍና ጉጅለ ብልጽግና እዩ

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ምስ መግብታት እንወስዶ ሽኮር ክሳብ ክንደይ እዩ ዝኸድኣና፧

መብዝሕትና መዓልታዊ ንወስዶ ሻሂ ይኹን ቡን፡ ሽኮር ከየሕበርና ክንሰትዮ ክኸብደና ይርኢ እዩ። ሽኮር ንጥዕናና ክሳብ ክንደይ ጉዳኢ ምዃኑ ግን ክስተብሃሉ ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ መዓልቲ ክሳብ ክንደይ ዝኣክል ዓቐን ሽኮር ከም እተመዝብና ስለ ዘይንፈልጥ ዶ፣ ንወስዶ መጠን ሽኮር ምፍላጥ ንምሕላው ጥዕናና ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ፡ ከይተረደኣና ካብቲ ዘድልየና ዓቐን ንላዕሊ ሽኮር ናብ ሰብነትና ክኣቱ ስለ እንገብሮ፤ ካብ ልክዑ ዝሓለፈ ሽኮር ምውሳድ፡ ጠንቂ ካልኣይ ዓይነት ሕማም ሽኮር፡ ሕማም መንሽሮን ናይ ልቢ ሕማማትን ኮይኑ እዩ ዝጥቀስ።

መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተታት ዓመታት፡ ብደረጃ ዓለም ኣብ ስርዓተ ኣመጋግባ ደቂ ሰብ ብዙሕ ለውጥታት ከም ዝተራእየ፣ እቲ ዓይነት ኣመጋግባ ጥዕናዊ ብዘይ ምዃኑ ድማ፡ ጠንቂ ምውሳኽ ክብደትን ክሳዕ ነፍሲ ወከፍ ጠንቂ ምውሳኽ ጉዳያት ሕማም ሽኮርን ልብን ኮይኑ ኣሎ።

‘ላንሰት መዲካል ጆርናል’ ዝተባህለ ሕክምናዊ መጽናዕትታት ዘሰፍር መጽሄት፡ በዚ ንኽትሎ ዘለና ናይ ኣመጋግባ ስርዓት፡ ኣብ ዝመጽእ 2050 ብደረጃ ዓለም ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ኣዋጽሒ ከምኡ’ውን ሓደ ሰሶ ህጻናትን ኮተቴን ካብ መጠን ንላዕሊ ከሰውትን ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነትን ክውንኑ ከም ዝኽእሉ ይግምት።

ኣብዚ ግዜ’ዚ፡ መብዛሕትኦን ሃገራት ዜጋታት ብዝርደዎ ዘይቅርዑይ ስርዓት ኣመጋግባ ዘጋጥም ዘሎ ጥዕናዊ ጸገማት፡ ካብ ቁጽጽረን ወጻኢ እናኾነ ይኸይድ ምህላዉ እዩ ዝነገር።

ምቁጽጻር ክብደት ሰብነትና ኣሽጋሪ ካብ ዝኾነሉ ሓደ ጠንቂ፡ መዓልታዊ ከይተረደኣና ንወስዶ ዓቐን ሽኮር እዩ። ሽኮር ናብ ሰብነትና ኣትዩ ከም ዘለና ከይተረደኣና እንወስዶም መግብታት ከም ሮጎ፡ ባኒ፡ ካትኣፕ ከምኡ’ውን ጽማቑ ምጥቃስ ይከኣል። እዚም ከም ኣብነት ጠቒስናዮም ዘለና መግብታት’ዚኦም፡ ዘለዎም መጠን ትሕዝቶ ሽኮር ዝተሓብአ ብምዃኑ፡ መዓልታዊ ክንወስዶ ብዝኾነ ዝጠፍኣና መጠን ሽኮር ንምልካዕ ኣሸጋሪ እዩ ዝገብሮ።

### ሽኮራዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ዓይነት መግብታት

ሮጎ ወይ ጽማቑ ፍረታት ጥዕና ዘለዎም፡ ኣብ ግዜ ቁርሲ ክንወስዶም ካብ ዘለና መግብታት ገሊና ንወስዶ ኢና። ኣብዚ፡ መጠን ሽኮራዊ ትሕዝቶኦም ምልላይ ኣገዳሲ እዩ።



ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ዘውጽኦ መምርሒ፡ “ሓደ ሰብ ኣብ መዓልቲ ክወስዶ ናይ ዝኾነ ዓቐን ሽኮር ካብ 25 ግራም ክበዝሕ የብሉን” ዝብል እዩ። ካብዚ ዓቐን እዚ ምስ እንሓልፍ፡ ንጥዕናዊ ጸገማት ዘቃልዕ ኣገባብ ኣመጋግባ ምዃኑ ድማ የጠንቅቕ። እዚ ዓቐን’ዚ ግና ነቲ መዓልታዊ ብጥረኡ ንወስዶ ሽኮር ጥራይ ዘይኮነ፡ ነቲ ኣብ መግቢ ዝርከብ ዓይነት ሽኮር ዘጠቓልል ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ኣመጋግባና ኣዚና ጥንቁቓት ክንከውን ዘለና ዘመልክት እዩ።

ኣብዚ ግዜ’ዚ፡ ንጥዕና ደቂ ሰብ ዝፈታትን ዘሎ ሽኮር፡ ከጽዕ’ቲ ካብ ተፈጥሮኣዊ መግብታት ዝርከብ ዘሎ ሽኮር፡ እቲ መግቢ ዘፍርያ ትካላት ዝሰርሕኦ ዘለዋ ኣርተፊሻል መመቀሪን መግብን ማስተን እዩ።

ኣብ መግቢ ዘሎ ሽኮር፡ ሰብነትና ነቲ መጠን ሽኮር ዘናቕቕሉ ባዕላዊ መከላኸሊ ኣለዎ እዩ። ኣሕምልትን ፍረታትን ምስ እንምገብ፡ እቲ ኣብ ውሽጢ’ዞም መግብታት ዘሎ ጽሕጊ (fiber)፡ ሰብነትና ነቲ ዝኸኣልናዮ መግቢ ሜታቦላይዝ ናይ

ንሓምም። ቀስጠ (pancreas) እኹል ኢንሱሊን ከተፍሪ ምስ ዘይትኽእል፡ ከምኡ’ውን ዋህዮታት ኣካላትና ነቲ ዝፈረየ ኢንሱሊን ምስ ዘጽግን ዘኽስት ሕማም እዩ - ሕማም ሽኮር።

ኢንሱሊን ናብ ዋህዮታት ካብ ዘራኽብ ዋሕዚ ደም ሽኮር ዘውጽእ ክዊ እዩ።

ኣብ ደም ልዑል መጠን ሽኮር ምስ ዝህሉ፡ ምስ ግዜ ንተኽእሎታት ሕማም ልቢ፡ ጸቕጢ ደም፡ ዝተፈላለዩ ጸገማት መትንን ዕንወት ኩሊትን የቃልዕ እዩ። ስለዚ መጠን ሽኮር ኣብ ደምና ኣብ ምክትታል ጥንቁቓት ክንከውን የድሊ።

ዝተዓሸጉ መግብታት መጠን ሽኮር ኣብ ደምና ኣብ ምዕባይ ልዑል ግደ እዩ ዘለዎም። ስጋ ይኹን ዓሳ፡ ተቓሚሞም ተዓሺጎም ክቐርቡ እንከለዉ፡ ናይ ሽኮርን ጨውን ትሕዝቶኦም ዝዛየደ እዩ ዝኸውን።

ኣብ ገዛ ይኹን ኣብ ቤት መግቢ ዝዳሎ መግቢ፡ ንምምቃሩ ተባሂሉ ዝኣትዎ ቀመማት ንባዕሉ፡ ኣብ ምውሳኽ መጠን ሽኮር ወይ ጨው ናይቲ መግቢ ናይ ባዕሉ



ምግቦር ቅልጣፈኡ ዘነም ከም ዝብል ብምግባር፡ ኣብ ደምና ሽኮር ከይኣኩብ ይከላኸል። በዚ ኣገባብ መጠን ሽኮር ኣብ ደም ከም ዝመጣጠን ይኸውን።

በንጻሩ፡ ነዞም ኣሕምልትን ፍረታትን ብመልክዕ ጽማቑ ኣዳሊና ምስ እንወስዶም፡ መጠን ሽኮር ኣብ ደምና ክዓቢ ይርኢ እዩ። ምኽንያቱ፡ ጽማቑ ኣብ እነዳልወሉ እዋን፡ እቲ ኣብዞም መግብታት ዝርከብ ጽሕጊ ስለ ዝሰባበር/ ዝዳቖቕ፡ ኣብ ሰብነትና መጠን ሽኮር ንምቁጽጻር ዝበርሆ ጥቕሚ ይጎድል።

መጠን ደምና ኣብ ሽኮር እናሻዕ ብእንወስዶ መግቢ፡ ብፍላይ ድማ ሽኮራዊ መግቢ፡ ይውሰኽ እዩ።

ናብ መላእ ሰብነትና ዑደት ኣብ ዝገብር ደም ዝህሉ መጠን ሽኮር ምስ ዝዓቢ፡ ሰሚዒታትና ንኢንሱሊን ዝህብዎ ምልክት፡ ፍጥነቱ ዝተዳኸመ እዩ ዝኸውን።

ኣካላትና ኣብ ደምና ዝህሉ መጠን ሽኮር ክቆጻጸሮ ምስ ዘይክእል ሕማም ሽኮር

ተራ ኣለዎ። ልዕሊ ሓሙሽተ መመቀሪ ዝኣተዎ ክሹን መግቢ ንጥዕናና ኣሰጋኢ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ሕቑን ጸባ (milk shake) ከምኡ’ውን ፓስታ ክንምገብ እንከለና፡ ነቲ መዓልታዊ ክንወስዶ ዝተለኸዓልና መጠን ሽኮር ንሓልፎ ምህላውና ምስትብሃል የድሊ።

ምስፍሕፋሕ ሽኮራዊ መግብታት

ኣብ መላእ ዓለም፡ ኣብዚ ግዜ’ዚ ሽኮራዊ መግብታት ናይ ምምጋብ ተኽእሎ ካብቲ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ወይ ዓሰርተ ዓመታት ብዕጽፊ ከም ዝወሰኸ መጽናዕትታት የመልክቱ። ሽኮር ንጥዕና ኣዝዩ ጉዳኢ ምዃኑ ሓያሎ መምርሒታት እናተዋህበ፡ ዘምጽኦ ለውጢ ግን ከምቲ ዝድለ ኣይኮነን።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 2025፡ ኣብ 200 ሃገራት ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ልዕሊ 57 ሚእታዊት ደቂ ተባዕትዮ፡ ከምኡ’ውን ልዕሊ 60 ሚእታዊት ደቂ ኣንስትዮ፡ ካብ ግቡእ ዝሓለፈ ክብደት ሰብነት ከም ዘወሃና ኣረጋጊጹ። ኣብ ውሽጢ’ዚ ዝሓለፈ 25 ዓመት ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነት ዘወሃሉ ዜጋታት ካብ ዝተራእየን ሃገራት፡ ቻይና (627 ሚልዮን ሰባት)፡ ህንዲ (450 ሚልዮን ሰባት)፡ ከምኡ’ውን ኣመሪካ (214 ሚልዮን ሰባት) ብቐዳምነት ይጥቀሳ።

ኣብ ትሕቲ ሰሃራ ዝርከባ ሃገራት ዝርአ ዘሎ መጠን ግዝፈ ሰብነት፡ ካብ 200 ሚእታዊት ንላዕሊ ምዃኑ ዝገለጸ እቲ ጸብጻብ፡ ልዕሊ 500 ሚልዮን ሰባት ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነት ዘወሃሉ ክህልዉ ከም ዝኽእሉ ይግመት።



ኣብ ኣፍሪቃ ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነት ዘወሃሉ ዜጋታት ብምህላዎ ብቐዳምነት እትጥቀስ ሃገር ናይጀርያ እያ።

ኣብ ኣመሪካ 63 ሚእታዊት ኣብታ ሃገር ዝነብሩ ሰባት መዓልታዊ ሽኮራዊ ማስተ ይወስዱ።

መዓልታዊ ንወስዶ መጠን ሽኮር ብምቕናስ ጥዕናና ክንመሓይሽ ከም እንኽእል እዩም ሰብ ሞያ ጥዕና ዝመኽሩ።

ውድብ ጥዕና ዓለም ከም ዝብሎ፡ መዓልታዊ ንወስዶ ሽኮር ብ10 ሚእታዊት ክነጉድሎ ይመክር። እዚ ማለት ኣብ መዓልቲ ካብ ሽዱሽተ ማንካ ሻሂ ንታሕቲ ክንወስድ ኣለና።

ንወስዶ መጠን ሽኮር ምጉዳል ማለት፡ ኣብቲ ብጥረኡ ንወስዶ ሽኮር ጥራይ ዘድሃበ ዘይኮነ፡ ነቶም ትሕዝቶ ሽኮር ዘለዎም መግብታት ኣብ ግምት ዘእተወ’ውን እዩ።

### ካብ ንቡር ዝሓለፈ ክብደት ሰብነት ምልካዕ

ክብደት ሰብነትና ምቁጽጻር ሓደ ካብ መለክዒ ጥዕናና እዩ። ክብደት ሰብነትና ምስ ቁመትና ተመጣጢኑ ክኸውን ኣለዎ። እዚ ኣገባብ’ዚ ‘ሓብሪ ሚዛን ሰብነት’ (Body Mass Index) ተባሂሉ ይጽዋዕ።

መዓልታዊ ንወስዶ መጠን ሽኮር ምልካዑ፡ ሓደ ካብቲ ንቡር ክብደት ሰብነት ክህልወና ዝገብር ኣገባብ እዩ። ኣብ ኣመጋግባና ንገብሮ ንእሽቶ ለውጢ፡ ኣብ ምቁጽጻር መጠን ሽኮር ኣብ ደም ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ስለዚ፡-

- ንወስዶ ዓቐን ካርቦሃይድረደስ ምቁጽጻር፡
- ብኣዕሊ ንሕወሶ ሽኮር ምጉዳል፡
- ስሩዕ ዝኾነ ሰዓታት ኣመጋግባ ምኽታል፡

ገለ ካብቶም ኣብ መጋቢ ክንገብሮም ዝግባእና ለውጥታት እዮም።

ምውሰዋስ ኣካላት ኣብ ኣካላትና ዘሎ ሽኮር ንምህላኽ ልዑል ግደይ እዩ ዘለዎ። ኣብ ዩኒቨርስቲ ‘ዌስት ኦፍ ስኮትላንድ’ ዝሰርሑ ሰብ ሞያ ጥዕና ብዘውጽእዎ ምዕራት መሰረት፡ ኣብ ሓንቲ ናይ እግሪ ስጉሚ፡ ካብ 0.04 ክሳብ 0.05 ካርቦሃይድረደስ ምቅጻል ይከኣል።

### ንወስዶ ሽኮር ብኸመይ ሜታቦላይዝ ይኸውን፧

ሜታቦላይዝ ማለት መግቢ ናብ ዝደቐቐ ሳብስታንስ ተቐይሩ ህይወት ናብ ዘለዎም ዋህዮታት ዝበጽሓሉ መስርሕ እዩ።

ዝኾነ ሰብ ብዙሕ ሽኮር ክዘረብ እንከሎ ኣብ ሓንጎሉ ዝመጾ እቲ ንመመቀሪ እንጥቀመሉ ናይ ጣውላ ሽኮር እዩ። እዚ ‘ሱክሮስ’ (sucrose) ተባሂሉ ይጽዋዕ፡ ብሓደ ሞለኪዩል ‘ግሉኮስ’ (glucose) ከምኡ’ውን ብሓደ ሞለኪዩል ‘ፍሩክቶስ’ (fructose) ይቖውም። ‘ሱክሮስ’ (ብኽልኤ ኣዘራርባ ሽኮር) ምስ እንወስድ እዞም ክልተ ሞለኪዩላት ቅድሚ ናብ ቀጢን መዓንጣ ምብጽሖም ብኢንዛይም ከም ዝፍለዩ ይኾኑ። ምስ ተፈልዩ ናብ ደም ተመጺዮም ይሕወሱ። እዚ ኣብ ደምና ዝህሉ መጠን ሽኮር ምስ ዝዛይድ፡ ቀስጠ ኢንሱሊን ከተመንጩ መልእኽቲ ይወሃቦ። ኢንሱሊን ኣብ ደም ዝህሉ ግሉኮስ ኣልዩ ናብ ጸዓት ይቕይሮ።

ውሑድ ዓቐን ፍሩክቶስ ብዋህዮታት ተዋሒጡ ይተርፍ። እቲ ዝበዝሐ ዓቐን ግና ናብ ጸላም ከብዲ ብምኻድ ንጸዓት ናብ ግሉኮስ ይቕየር። ወይ ድማ ብመልክዕ ስብሒ ኣብ ኣካላት ይኽዘን። ናብ ስብሒ ኣብ ዝቕየረሉ ጠንቂ ሕማም ልቢ፡ ጸቕጢ ደምን ጸላም ከብድን ክኸውን ይኽእል።

‘ፍሩክቶስ’ ሜታቦላይዝ ክኸውን እንከሎ ኣብ ደም ዝህሉ መጠን ሽንታዊ ኣሲድ (uric acid) የዕቢ። እዚ ሽንታዊ ኣሲድ ኣብ መላግቦ መሓውርና ምስ ዝኣቱ፡ ብኣቐንዛዊ ሕማም ሪሕ (gout) ክንሳቐ ንግደድ።

ሰብነትና ካብ ዘድልዮ ዓቐን ንላዕሊ ሽኮር ምስ እንወስድ፡ እቲ ንጸዓት ዘይተቓጽለ ሽኮር ናብ ስብሓዊ ኣሲድ ተቐይሩ ብመልክዕ ስብሒ ኣብ ኣካላትና ይኽዘን። ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሕማማት ንኸውን።

---

### ሎሚ ኣብ ERI--TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መኣዝን ልምዓት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ለሰ ስፖርት |
| 15:10 | ባሕሪ ፍቕሪ |
| 15:55 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:20 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብስትድዮ |
| 18:25 | ጩራ ጥዕና |
| 19:25 | ሃሎ ቁልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ኣፋዊ ስነ ግጥሚ

መሓሪ ዑቑባሚካኤል (ጠዊል)
ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ

ራብዓይ ክፋል

### እንታይነት ኣፋዊ ግጥምታት

እቲ ኻልኣይ ንኣፋውነት ኣፋዊ ግጥምታት ኣብ ምምዛን ዝሕግዝ ነጥቢ, ኣገባብ ምስግጋሩ ወይ ምውርራሱ (Mode of transmission) እዩ። ነፍሲ ወከፍ ሕብረተሰብ ዘፍርዮምን ዘውንኖምን ኣፋዊ ግጥምታት ኣመና ብዙሓት እዮም። ዝኾነ ሕብረተሰብ ክፋረን ቀጺሉ ከውሕስን እንክሎ፡ ኣፋዊ ግጥምታቱ እውን ከም ካልኦት ጾጋታቱ ብቐጻሪ እናበዝሑን ትርጉምን መልክዕን እናቐየሩን እዮም ዝኸዱ። ካብዚ ብምንቃል ድማዩ ሕብረተሰብ ኤርትራ (ኣብ ብሄረ ትግርኛ) “ካብ ሰብ ደርፌ ይውለድ” ዝብል። “ካብ ዝውለድ ሰብ፡ ተወሊዱ ወይ ተደሪሱ ዝሓድር ደርፌ ይበዝሕ” ንምባል። ዝተፈላለዩ ጽሑፋት ከም ዝሕብሩዎ እውን ብደረጃ ዓለም ኣብ ነፍሲ ወከፍ ካልኣይቲ ልዕሊ ኣርባዕተ ናጽላታት ከውለዱ እንከለዉ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ልዕሊ ሰላሳን ሰለስተን ኣፋዊ ግጥምታት ክፈርዩ ከም ዝኽእሉ እዩ። እዚ ሓሳብ ድማ ንዝተፈላለዩ ገጽት ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ንምግላጽ ወይ ንምስታር ተባሂሉም ዝፈርዩ ኣፋዊ ግጥምታት ልዕሊ እቲ ነፍሲ ወከፍ ወገን ዝሃልዎም ዝርድኦን እዮም። ራንደቨ ፓራቨ ዝበሃል ህንዳዊ ጸሓፊ ኣብቲ “Oral forms of oral literature” ዝበል መጽሓፉ (ገጽ 413) ነዚ ሓሳብ ብኸምዚ ይገልጾ፡ “እዮም ኣብ ዝኾነ ሕብረተሰብ ዝዘከሩን ዘዘመጸ ሕብረተሰብ ከም ዝደረስዎ እናምሰለ ዝደግሞምን ዘሰጋግርዎምን ኣፋዊ ግጥምታት፡ ብኸም እዮም ኣብ ነፍሲ ወከፍ ህዝቢ ብዝተፈላለዩ ዓበይቲ ዛንታታት (ንኣብነት ዛንታ ጅግንነት) ዝዘከሩን ዝድነቑን ሓበሬታታት፡ ሹመኛታት፡ በሃራት፡ ድንቅታት ወዘተ ክምስሉ ይኽእሉ” ይብል። ዝኾነ ሕብረተሰብ ኑዩም ብዕበዮዩም፡ ኣድማሳውነቶም፡ ሱላሌሉዩም፡ ፈጠራውነቶም፡ ተዘክሮቶም ወዘተ ጾብለል ዝበሉ ኣፋዊ ግጥምታት እዩ ዝወርሰን ዘሰጋግርን። ኑዩም ግዜ ዝበልዎም ኣፋዊ ግጥምታት ድማ ብኸም እዮም ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሕብረተሰብ ንስሞም ዘልዕል ንእሽቶ ኣብርክቶ እውን ዘይገብሩ ወፍናት ይምስሉም።

ወላኳ ኩሎም ብኣፍ ዝድረሱን ዝቐርቡን ግጥምታት ኣፋዊ ግጥምታት እዮም ኣብ ዝበል ድምዳመ ክበጽሕ ዝከኣል እንተኾኑ፡ ሓደ ግጥሚ ዘይዳ ኣፋውነቱ ንኸረጋግጽ፡ ብዘኾነ ነጥብታት ኣመና ከይተጸልወ ትሕዝቶኡን ቅርጹን ዓቂቡ ንዊሒ ግዜ እንተቐጺሉን ንዘዘመጸ ወለዶ ሕላገት ሕሉፍ ወለዶ ምኻኑ እንተ ኣመስኪሩን ዝያዳ ኻልኦት ኣፋዊ ግጥምታት ናይ ምኻንን ከም ኡ ተባሂሉ ናይ ምጽዋዕን ዕድል ኣለዎ። እዚ ኸምዚ ዝበለ መግለጺታት ብብዙሓት ሊቃውንቲ ናይቲ ዓውድን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሕብረተሰብ ዝርከቡ ተኸርከርቲ ኣፋዊ ስነ ግጥምን ማይ ሓዊስካ ዘወርድ ገለጻ እዩ። ብዙሓት ክኢላታት ኣፋዊ ስነ ግጥሚ፡ ሓደ ኣፋዊ ግጥሚ ኣብ ዘፍርዮን ዘሰጋግሮን ሕብረተሰብ ንዊሒ ክቕጽል ስለዘይከኣለን፡ ብዘተፈላለዩ ንዘይምቕጻሉ ተራ ዝተጻወቱ ምኽንያታትን ስለዝዘለሰን ዝጠፍኣን፡ ኣፋዊ ግጥሚ ናይ ምኻን ተኽእሎኡ ትሑት እዩ ክበሃል የብሉን ይብሉ። ሓደ ኣፋዊ ግጥሚ ኑቲ ቐዳማይ ነጥቢ፡ ማለት ብኣፍ ምድራሱን ብዘይ ዝኾነ ንብረት ሰሩዳ ምቕራቡን እንተማለኣ፡ ኣብ ምስግጋሩን ጽልዋኡን ንዘሎ ከይድታት መዘንኻ ብምልኣት ኣፋዊ እዩ ወይ እውን ኣፋውነቱ በዚን ከምዝን ምኽንያት ትሑት እዩ ምባል ከም ዘይከኣል የረድኣ። ከምኡ ዝበል ሓሳብ እንተሎ ኸኣ ንኹሎም ኣፋዊ ግጥምታትን ኣብ ኣፋዊ ግጥምታት ንዘሎ ብዙሓት ርድኢትን ኣብ ግምት ዘእቱ ነጥቢ ክኸውን ኣለዎ ይብሉ።





ሓፈሻዊ ርድኢት ንምፍጣር ግና ሓደ ኣፋዊ ግጥሚ ኣፋውነቱ ንምምላኡ፡ ኣኣብቲ ዝውንኖ ሕብረተሰብ ንዊሒ ግዜ ዝቐጸለን፡ ካብቲ እቲ ሕብረተሰብ ዝኣምነሉን ዝቕበሎን መባቆላዊ ቅርጹን ትሕዝቶኡን ዝረኣ ለውጢ ዘይገበረን ክኸውን ይግባእ።

እቲ ሳልሳይ ነጥቢ ንኣቐርባት (Performance) ዝምልከት እዩ። እዚ ነጥቢ እቲ ዝሓሸን ካብ ብዙሓት ነጋበይናም ሓሳባትን ርድኢታትን ዝተገላገለን እዩ። ኣፋዊ ግጥምታት ኣብ ዝተፈላለየ ግዜን ቦታን ብኣፍ እናቐረቡን እናተሰተናገዱን ብዙሓለ። እዮም ዝረኣዩን ዝዘውተሩን። ብዙሓት ምሁራን ናይቲ ዓውዲ፡ እዚ ሳልሳይ ሓሳብ፡ ከም ነጥቢ ወይ መምዘኒ ኣፋዊ ስነ ግጥሚ እውን ክልዓል ዘይብሉ ነጥቢ እዩ ይብሉ። እኳ ድኣ ሓደ ኣፋዊ ግጥሚ ብኣፍን ብቐጥታን ተደሪሱ ክቐርብ እንክሎ ግና ብወረቐትን ካልእ መሳለጥያን እንተቐረበ እውን ኣፋውነቱ ዝጎድል ዘይምኻኑ ክፍለጥ ኣለዎ ይብሉ። እንተኾነ ዓቕምን መሳጥነትን ኣፋዊ ግጥምታት ብኣፍ ጥራይ ክቐርብ እንክሎ እውን ስለዝወሰኽ፡ ኣፋዊ ግጥምታት ናይ መላእ ሕብረተሰብ ምኻኑ ንኽፍለጥ ብሓባርን ብሓባራዊ እንዶን ክቐርብ ኣለዎ ይምልኡ።

ብሓፈሻ፡ ይትረፍ ኣብ ኣፋውነት ኣፋዊ ግጥምታት፡ ኣብ ኣፋዊ ግጥምታት ዘሎ ርድኢትን ገለጻታትን እውን ክፈላለን ዝጸረር ክመስልን ይኽእል እዩ። ብፍላይ ምስቲ ኣብ ኣፋዊ ግጥምታት ዝበረ ትሑት ግምዘበን ምጉናይ ኣፋዊ ግጥምታትን ብምንጽጻር፡ ንኣፋዊ ግጥምታት ዝወሃብ ዝበረን ዘሎን መግለጺታት ጠቢዩ ጊርካ ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ። እቶም ክሳዕ መፋርቕ ናይ 18 ክፍለ ዘመን ንኣፋዊ ግጥምታት ዝወሃቡ ዝበሩ ርድኢታትን ካብኡዩም ዝቕሉ መግለጺታትን፡ ብስቱር ንኣፍዊ ግጥምታት ኣብ ምቁንጻብን ምድራትን መሰረት ዝገበሩ እዮም ዝበሩ። እቶም ኣብቲ እዋን ዝበሩ መግለጺታት ኣፋዊ ግጥምታት፡ ወሰንቲ ዝተፈላለዩ ኣፋዊ ግጥምታት ዝኾኑ ኣብ መጉዓትን ቀጻሊ ዕላማታት ጉዳኣቲ ሓይሊታትን ንክኾኑ ዝዓለሙ ነበሩ። ህዝቢታት ንጉዳእ ኑብሮምን እልቢ ጸጋታቶምን ኣትሒቶም ንኽርእዩ፡ ከም ኣካል ናይቲ ዝቶደድ ሰፋሕቲ ናይ ወራር መደብ፡ ኣፋዊ ግጥምታቶም ናይ ምንእኣስን ንባህሊ ወረርቲ ከም ዘደንቑን ከም ዝርዕሙን ምግባር እዩ ዝበረ። እቶም ዝ ጸንፈ-ሓሳብ ንምስራጽ ዝዘርኡ ዝበሩ መግለጺታት ኣፋዊ ግጥምታት ድማ፡ ኣፋዊ ግጥምታት ናይ ድሕረራትን ከምዕብሉ ናይ ዘይደልዩ ህዝቢታትን ምኻኖም ንምርዳእ ዝዓለሙ ነበሩ።

እቶም ካብ ቀዳማይ ርብዒ ናይ 20 ክፍለ ዘመን ኣትሒዞም ማለት ካብ 1920ታት ንድሓር ኣትሒዞም ንኣፋዊ ግጥምታት ዝወሃቡ ዝበሩን ዘለዉን መግለጺታት ግና ንዓውዲ ኣፋዊ ስነ ግጥሚ ዘዕበዩን ንኣፋዊ ግጥምታት ህዝቢታት፡ ብፍላይ ድማ ኑዩም ጉዳይ መጉዓትን ምዝመዛ ጸጋታትን ዝኸሉ ህዝቢታትን ኣፋዊ ግጥምታቶምን ዘምስዉ (ዘመጉሱ) እዮም። ብኣንጻር ናይቲ ዝወሃቡም ዝበረ ናይ ምቁንጻብን መጠነሲ ድሕረት ምኻናም ንምርዳእን ዝዓለመ መግለጺታት፡ ህዝቢታት ንዝተፈላለዩ መልክዑት ናይ መጉዓትን ንሱ ዝፈጥሮ መልክዑ ብዙሕ ምዝመዛን ንኽቃለሱን ናጽነቶም ክጭብጡን ካብ ዘኽእልዎም ጸጋታት ሓደ ኣፋዊ ግጥሚ እዩ። እቶም ድሕሪ እዚ ርድኢትን ሓሳባትን ንኣፋዊ ግጥምታት ኣመልኪቶም ዝወጹ መግለጺታት፡ ንኣፋዊ ስነ ግጥሚ ማዕረን ልዕልን ጽሑፋዊ ወይ ፈጠራዊ ግጥምታት ዝሰርዑ፤ ኣፋዊ ስነ ግጥሚ መሰረትን ወሕስነትን ናይ ጽሑፍ ግጥምታትን ስነ ጽሑፍን ምኻኑን ዝምስክሩ እዮም። ኣፋዊ ስነ ግጥሚ ብትካላት ትምህርትን ባህልን ዝተፈላለያ ሃገራት ዝኣክል ቀላሒታን ባጀታዊ ወፍርን ዝግበረሉ ዘሎ ድማ ካብዚ ዝቕል እዩ። ወላኳ መጠን እቲ ዝድለን ዝግባእን ኣይኹን ዝምልከቶም ትካላት መንግስትን ተኸርከርቲ ናይቲ ዓውድን እውን ንኣፋዊ ስነ ግጥሚ ዝኣክል ጠመተ ኣብ ምግባር ደርከቡ። ይትረፍ ናጽነተን ዝረኸባ ሃገራት፥ እተን ኣብ ቀጻሊ ዘይርግኣትን ዘዕርፍ ውግኣትን ዝርከባ ሃገራት እውን ንኣፋዊ ግጥምታተን ልዑል ጉዳስ ብምግባር ኣካል ቃልሰንን ኣካል ናይቲ ናጽነት ዝደሊ ጸጋታተንን ክብርታተንን ገይረናኦ ይርከባ።

#### መታሓፍስቲ

##### ሰወይ ላለ

ወላኳ ኣፋዊ ግጥምታት ናይ ሓደ ሕብረተሰብ፥ ኣብ ዝጠዝሐ ክፋል ናይቲ ሕብረተሰብ ዝርከቡን ዝዘውተሩን እንተኾኑ፥ ኣብ ዝተወሰነ ከባቢታት ጥራይ ዝዘውተሩ ኣፋዊ ግጥምታት እውን ኣይሰኣኑን። ጨፈራ ሰወይ ላለ ድማ ሓደ ካብኣቶም እዩ። እዚ ጨፈራ ብናይ ቀደም ኣጸዋወዳ ኣብ ዝጠዝሐ ዓድታት ሓማሴን፥ ከምኡ'ውን ኣብቲ መናኻ መንእሰያትን ሰብኣትን ናይዚ ዝተጠቕሰ ከባቢታት ዝበረን ዘሎን ኣኖሻውል ዝጭፈር ዝበረ እዩ። ኣብ ሕምብርቲ፡ ዓዲ ጉብሩ፡ ባርዳ፡ ላምዛ፡ ዓዲቁ፡ መርሓኖ፡ ጸሎት፡ ሻሪጋ፡ ዓዲ ተኽለይን ካልኦት ኣብ ከባቢታት ኣስመራ ዝርከባ ዓድታትን ዝተረኽቡ ክኢላታት ኣፋዊ ግጥምታት መጠን ዝዘከርዎ ግጥምታት ሓዲግሞ፥ ንጨፈራ ሰወይ ላለ እናጨፈርዎን እናሰምዕዎን ከም ዝዓበዩ የዘንትዉ። ብፍላይ ኣቶ ተስፋይ ተስፋዝጊ ብዓል ሕምብርቲ ንበዝሕ ኣብዚ ኣርእስቲ ዘሎ ግጥምታት ዝዘከሩ እዮም። እዚ ጨፈራ ኣብ ብሄረ ትግረ እውን ዝርከብ ደርፌ እዩ። ከረሪ ሰወይ ላለ ኢሉ ምስ ጀመረ ድማ ተቐባልቲ እናበረዩምን ንዘበሉ እናደገሙን ጨፈራ ሰወይ ላለ ይቕጽል።

ሰወይ ላለየ ሰወይ ላለ
ሰወይ ላለየ ሰወይ ላለ
ዓርቢ ረቡዕ ደብረ በዘን ካፉ
ሰዖምኒ ኣቲ መዓር ኣፉ
ክስዕመካ ግሩቨ ደሞ ኣለካ
እወ ኣሲ ሓሙሸተ ፈረንካ
ሓሙሸተ ፈረንካ ቻንክ ለረ
ንሸጉርቲ ደየን ንበገበረ
ኣምጺኣየን መረብ ተሳገረ
ከለኽዶ በዩኒይ ኩሓድረ
ሃሰስ በሊ ማርያም ትሓብረ
ኣግሸሹኺ ዝበርኩ ገይረ ሰወይ።
ሰወይ ላለየ ሰወይ ላለ
ሕማቕ ሰበኣይ ጽድያ ይሸምት
ሕሰር ደሎ ደይናቱ ይጥምት።
ጻዕዳ በቐሊ ተኣሲራ ኣብ ጽላል
ሰይቲ ኀበዘ ኣይትኾኑን ሰንፈላል
ሰይቲ ኀበዘ ሰይቲ ኀበዘ ትብሉ
ከም ሰማናይ ከተማ ምዃሉ
ከም ሸለኳ ሰዋ ዝኣመሉ
ኣይሸፈቱ ኣምበሳ ቐቲሉ
ኣይሓረሱ ግራቱ ኣኸሲሉ
ኣይተኩሱ ኽሳድ እር መንጠሉ
ዝ ሸወን ኀበዘ ኣይትበሉ።
ዛዋሻውል ዛሻውል ትብልዋ
ክንደይ ጽጋም ትፈትሕ ይብልዋ
ሰወይ ላለየ—
ተኻል ዘበን ክመጽካ ኸሎ
ወዲ ዒሰራ ብጥይት ይቐሎ
ዝሸወተ ኣንዘጣ ይዓስሎ
ጸብ ኣራ መሬት ይድረሮ
ሓወይ ሓብተይ ጓና የሳውሮ
ኣብዩ እዘዚ ካበምጽኣካ ኣቐልሎ
ከም ግዝርና ኣይትኽድ ንዘሎ።
ኣቦይ ቀሺ ብዓል ድርብ ጋማ
ማስቀልዶ ርኢኹም ናይ ሙተማ
'ዛ ሙተማ ኣይተልዕላ ሾማ
ክሳድ ሰበኣይ ትወሰድ ጨረማ
እዝዚ ሰበኣይ ትሓትም ለጉማ
ንደም ሰበኣይ ገራቶ ቐለማ
ክሰታን ምስ እሰላማይ ኣዋቲማ
'ዛ ሙተማ ኣይተልዕሎ ሾሙ።
ዓብዱራሕማን ኣታ ዓብዱራሕማን
ኣጥምኒ ኣይትድጎማ ኾማን
ዓብዱራሕማን ወደቦይ ሓማዶ
ብዓል ሰሜን ተተኻሊ ኣጉዶ
መጁ ክሰግደልካ ትትሰግዶ
ሃሰስ ግደፍ እምበር ይጽላኦዶ።
ኣንታ ዘበረይ ዘበረይ
ማሰልኒ ዘርጊ ሓዳረይ
ሸዓ እንደየ ዝሸጥካዋ ኽብረይ
ተጋገኻ ኣይትበሉ ኣቱም ዓዲ
ኣደጉራኳ ሕሰኡ ዘፊዳ።
ሸዊት ዕፉን ዋሃይ ሸዊት ዕፉን
ሓዊ ርእዩ ተረጉ ኣይገድፍን።
መጉዲ ምጽዋዕ ሓዳድ ሓዳድ
ሓሰዊ ድኣምን ኣነ 'ገድድ።
ሰታይ ሰታይ ጓሊየ ኺዳ
ሰዕም ተብልክዋ ዓሻ ኹይነ
ሕራይ ኢላትኒ ዓሚ ሰ
ብር እንተልክሰ ዛንእደይ ደፊኑ።
ተመርዓዊ ተመርዓዊ ትብሉ
ቀሺ ደየ ኽምርያ ምስ ማስቀሉ
ብዓል ቀርኒ እንደዩ ኽም ሃገሩ።

***

*(ትርጉም ኣብዚ ጨፈራ ዘለዉ ቓላት ብዘተማሃርትት እጃኸረኣ ዋሂ-ተጀሃረ ምዉቻም- ምርኻብ ምብኣሱ ምግጣም ወዘተ)*

**ይቕጽል —**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ

ዘምዝም ሓጅኑር ኣሕመድ፡ ብዋል ቤተይ ኢማን ኣደም ኣሕመድ ስለዝተሰውኡ ወረስቱ ኣነ ምስ ደቂ መንሱር ኣማኑ ሰሚር ኣማኑ የሲር ኣማኑ መርዋን ኣማኑ ማዝራ ኣማኑ ኣደም ኣማኑ ኣዳሉ ከኣ ጉጁ ዑመር ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸልና ስለ ዝበሎ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ ናህም ኣስገዶም ካሕሳይ፡ ዓብዩና ሉተሶላሴ ዕቑባሚካኤል ሃብተማርያም ስለዝዋረፈት፡ ነና ኣስገዶም ካሕሳይ ብምትካእ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ኤርሚላ ብርሃ የናስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ቢንያም ክፍላይ ጉብረስላሴን ዘሎ ናይ ሓዳር ክሲ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ቢንያም ክፍላይ ጉብረስላሴ፡ ንጹር ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈለጠ፡ ብጋዜጣ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ብፍ/በ/ማሳል ሉተሚካኤል ተኸለ፡ ብፍ/በዓል ዕዳ ሳልሕ ኣሕመድ ዓብደላ፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልካ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈለጠ፡ ብጋዜጣ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኸሊ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

የውሃንስ ኣብርሃ ግደ ምባል ተሪፉ፡ የውሃንስ ኣብርሃ ግደይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኸሊ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ጸገ ጉብረየውሃንስ ጉብረመድህን፡ ብዋል ቤተይ በዂ በረኸት መንግስትኣብ ባይሩ ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኸሊ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሳባ በየነ ጸጉ፡ ኣደይ ኣብርሀት ጉብረስላሴ በየነ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ግደይ ሓጎስ ጉብረስላሴ፡ ብዋል ቤተይ ቀሺ ተስፉዝጊ ኢትባረኽ ወልደሚካኤል ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኤልሳ ወራሲ ጉብሩ፡ ብዋል ቤተይ የውሃንስ ጉብረእግዚኣብሄር ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኸሊ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ሂ ዐቦላይ ባህታ፡ ተኸሳሲ ኤርሚያስ ኣፈወርቂ ጉብረእግዚኣብሄር፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኸሊ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ሃይለ ዑቕባሚካኤል ጉብረመድህን፡ ብዋልተ ቤተይ ገነት ተስፉሚካኤል ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 13ልና ደማ ወረሰት ምዃና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኸሊ ይቕረብ፡፡

ኣወል ኣልኣሚን ኣማን ምባል ተሪፉ፡ ኣወልኪር ኣልኣሚን ኣማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኸሊ ይቕረብ፡፡

ብፍ/በ/ማሳል ኣልጋሽ ጉብረማስቀል፡ ብፍ/ሰ/ዕዳ ኤፍሬም ጉብረማስቀል፡ ሙሴ ወልደገርግሽ፡ ሚክኤል ወልደገርግሽ፡ የማነ ወልደገርግሽ፣ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኸሊ ቕረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ፡፡

ሉተብርሃን የሃንስ ክፍለሽከኤል ምባል ተሪፉ፡ ሉተብርሃን ተኸለእየሱስ ክፍለሽከኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ብፍ/በ/ማሳል ጺጋ ጉብረማስቀል፡ ብፍ/በ/ዕዳ 3.ሚክዳ ጉብረማስቀል፡ 4.የውሃንስ ጉብረማስቀል፣ ኣብ ልዕሌኹም ንፈጻሚ ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ ደረጃ ዕዳጋ እኸሊ ቕረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ፡፡

ከሳሲት ርግበ ኪዳኑ፡ ተኸሳሲ ቢንያም ምሳዮኑ፡ ናይ ገዝኡበ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኸሊ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ወ/ሮ ሰለማዊት ጺጋይ ዕቑባዝብርኤል፡ ኣቦይ ነ/ሄር ጺጋይ ዕቑባዝብርኤል ዝገደፈለይ ወህብቶ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኸሊ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ክሊይ ምሕረትኣብ ስብሃትልኣብ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሊላይ ሃብተ በኺት፡ ናይ ሰሸል ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ዛይድ መሓሪ መንኣመኖ፡ ብዋል ቤተይ እስቲፋኖስ የሴፍ ዘርእዝጊ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቀሺ ደሳለ ኣርኣያ ሃይሉ፡ ኣቦይ ኣርኣያ ሃይሉ ዘሙይ፡ ኣደይ ዘለሽ ክብረኣብ ካሳ ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ 11 ደቂ መወትቲ ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/3/26 ኣብ ቤፍ ይቕረብ፡፡

እስቲፋኖስ ተስፉየውሃንስ፡ ተኸኣ በረኸት ምባል ተሪፉ፡ ተኸኣ በረኸትኣብ ዘወልዳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተኸሉብርሃን ወልደሚካኤል ሙብራህቱ፡ ኣደይ ዝማም ሃብተሚካኤል ዓንዱ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ 2 ደቂ መዋቲ ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/3/26 ኣብ ቤፍ ይቕረብ፡፡

ሚክዳ መዓሎ ወልዳይ፡ ኣቦይ መም/መዓሎ ወልዳይ ወልደሚካኤል ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ምሕረት ሃብተ ወልዱ፡ ኣደይ ሓዳስ ጉብረእግዚኣብሄር ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/3/26 ኣብ ቤፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት ፍርዲ ባረንቱ

መድሃኔ ተኸሉብርሃን ኣባዩ፡ ስም ኣደይ ራህዋ ፍረዝጊ ኣብርሃ ምባል ተሪፉ፡ ወዳሴ ሃይለ ስብሃቱ ተባሂሉ ይተረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዓዋጥፍ እድሪስ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ፈርሓ እድሪስ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ተማሰገን ሆቴል ሓ.ዝ.ብ.ማ ብዕለት 17/07/2023 ኣብ ዝገበሮ ኣኼባ፡ ናይ ኣክስዮን ወ/ሮ ትዕበ ተደላ ካሕሱን
ወ/ሮ ሙሉኸ መሓመድኑር የዕቦዮን ዝበረን ኣክሲ ወክፍ 60 ብጠቕላላ 120 ብርክታት ናብ ወረስተን፡-
1. ኣዜብ መሓመድኑር የዕበዮ 30 ብርኪ
2. ሰሚራ መሓመድኑር የዕበዮ 30 ብርኪ
3. ፋሲል መሓመድኑር የዕበዮ 30 ብርኪ
4. ሉላ ሃይለ ደብሩ 30 ብርኪ
ከም ዝተመሓላለፈን ወ/ሮ ኣዜብ መሓመድኑር የዕበዮ ኣካያዲት ስራሕ ኮይና ከም ዝተመዘዘት ነፍልጥ፡፡

ተማሰገን ሆቴል ሓ.ዝ.ብ.ማ

---

## ምልክታ ጨረታ

ሚ/ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን ንስራሕ ዝጥቀመለን 33 መካይንን 3 ሞተር ሳይክልን 6 ናይ ባተሪ ብሸክለታ፡ ናይ ጎማን ብኮ ጎማ ምቕያርን ምጽጋንን ካሎግዳሪያ ምቕያር፡ ኣገልግሎት ዝሀብ ትካል ኣውዳዲሩ ውዕል ክኣቱ ይዕድም፡፡

ተወዳደርቲ ትካላት ክማልእዎ ዘለዎም ቅጥዕታት

1. ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ናይ ዋና ትካል ከምኡ ድማ ናይ ዓመት 2024 ካብ ዕዳ ናጻ (Clearance) ዝወሃብ ግብሪ ከም ዝኸፈሉ መረጋገጺ ሰነድ ፎቶ ኮፒ የቕርቡ፡፡
2. ተወዳደርቲ ናይ መወዳደሪ ሰነድ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ (ሓምሳ ናቕፋ) ሰነድ ጨረታ ብምኽፋል ካብ ምልክታ ዝወጸሉ ሓደ መዓልቲ ቀጺሉ ዘሎ መዓልቲ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ፋይናንስ ክፍሊ ምምሕዳር ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
3. ተወዳደርቲ ጨረታ ንምስታፍ ድሕሪ ጨረታ ምፍጻሙ ዝምለስ መኽበሪ ጨረታ 1000.00 ናቕፋ (ሓደ ሽሕ ናቕፋ) ኣብ ክፍሊ ሕሳብን ፋይናንስን ብጥረ ገንዘብ ወይ ከኣ ብቸክ የትሕዙ፡፡
4. ተወዳደርቲ ናይ ጨረታ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 10 ተኸታታሊ መዓልታት ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ፋይናንስ ክፍሊ ምምሕዳር ብኣካል ዝተዓሸገ ፖስታ ብናይ ትካሎም ሕጋዊ ማሕተም ኣሰንዮም ከቕርቡ ይኽእሉ፡፡ ኣብ መበል 10 መዓልቲ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ፋይናንስ ሰዓት 9:00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ቅድሚ ተወዳደርቲ ይኽፈት፡፡
5. ተወሳኺ መብርሂን ዝርዝራዊ ሓበሬታን ምስ ዝደሊ፡ ቅድሚ ምኽፋት ጨረታ ዘሎ ግዜ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ፋይናንስ ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ጨንፈር ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ኣካል ዕድግን ጸገናን ወይ በዚ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘሎ ሓበሬታ ምውካስ ይካኣል፡፡
6. ሚኒስትሪ ፋይናንስ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ኣድራሻና
ሚኒስትሪ ፋይናንስ
ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን
ጨንፈር ሓፈሻዊ ኣገልግሎት
ኣካል ዕድግን ጸገናን
ኣቶ የናስ ኣማኑኤል - 07279638
TEL 111890-200238-120815

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ራሄል ዑቕባሚካኤል በርሄ ኣደይ ህይወት ተስፋልደት ወልደጋብር ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

እስራኤል የማነስ ሃብቱ ምባል ተሪፉ፡ ኮኾብ የማነስ ሃብቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተስፋይ ሃብተስላሴ፡ ሓፍተይ ህድኣት ሃብተስላሴ ገብረሰሚኣቲ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/26 ኣብ ቤፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ከሳሲት ሓበን ስምረት በርሀ፡ ወከል ስምረት በርሀ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተኸለ ብርሃ ወልደገርግስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ከሰተ ገብረእግዚኣብሄር፡ ወድና ዓብለል ከሰተ ገብረእግዚኣብሄር ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ ወላዲቱ ሳራ ክፍሉ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/3/26 ኣብ ቤፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ተኽለሃይማኖት ተስፋገርግስ ምባል ተሪፉ፡ ተኽሉ ተስፋገርግስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሂወት የማነ ወልደሚካኤል፡ ወለድና የማነ ወልደሚካኤልን ትምኒት ገብረያሱስ ወልደስላሴን ስለዝዋረፉ፡ 3 ደቆም ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/26 ኣብ ቤፍ ይቕረብ።

ፍረወይኒ ብርሃ ሃብተጼን፡ ሓፍተይ ኤልሳቤጥ ብርሃ ሃብተጼን ቅድሚ 3 ዓመት ካብ ሃገር ምስ ወጸት ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ጥፍእቲ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተኽለማርያም ፍስሃ፡ ኣደይ ሓረጉ ምስግን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መድሃኔ ግርማጼን ሃብተገርግሽ፡ ኣደይ ጸገ በራኺ ገብረ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/3/26 ኣብ ቤፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ወ/ሮ መሾ ዓንደሚካኤል ገብረማስቀል፡ ኣደይ ኣምለሰት ኪዳነ ወንዳም ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሂወት ገ/ሄር ቱዙታ፡ ብዓል ቤተይ ጸጋይ በርሀ ኀጀለ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1ጓልና ድማ ወራሲት ምኻና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ጸሃይ ኣርኣያ፡ ኣደይ ሃዳሱ ገብርሂወት ገብረስላሴ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/3/26 ኣብ ቤፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ቅሳነት ደስበለ ምባል ተሪፉ፡ መዋእል ደስበለ ተባሂሉ ይተኣረመለይስ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ከሳሲት ሰምሰም ገብረገያርጊስ ገብረመድህን፡ ተኸሳሲ ተስፋይ ሃይለ ብሩ፡ ናይ ሰ/ሰ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ከሳሲት ፍትሓዊት ሃይለ ዘርኡ፡ ተኸሳሲት ትርሓስ፡ ናይ ሰ/ሰ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቢ፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

ተስፋት የማነ ክፍለማርያም፡ ተኸሳሲት ኣርሴማ ተወልዱ፡ ናይ ሰ/ሰ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቢ፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

ኣረጋሽ ገብረኪዳን ንጉሱ፡ ብዓል ቤተይ ረዘ ሳህሉ ተወልደ ስለዝዋረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 11 ደቅና ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣንገሶም ገብረኣሃጸ፡ ወደይ ቴድሮስ ኣንገሶም ስለዝተሰወአ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ ብዓልተ ቤተይ ለምለም ገ/እግዚኣብሄር ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓሪ ሃይለስላሴ፡ ኣደይ ትሕሽ ግደይ ገብረማያም ስለዝዋረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተኽልኣብ ብርሃ ካሕሳይ፡ ብዓልተ ቤተይ ዘውዲ ሃይሉ ኣባይ ስለዝዋረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 3 ደቀይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ትዕግስቲ ተኽለ ካሕሳይ፡ ተኸሳሲ ደስታኣለም ኣረጋይ ብስራት፡ ናይ ሰ/ሰ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ከሳሲት ኣድሓነት ገብረግዚኣብሄር ተኽሉ፡ ተኸሳሲ ኣለም ገብረኪዳን ይፍጠር፡ ናይ ሰ/ሰ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ኪዳነ ደስታ ሓየራ፡ ወደይ ጳውሎስ ኪዳነ ደስታ ስለዝተሰወአ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ ብዓልቲ ቤተይ ኣኸዘ ኢያሱ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ኣዝመራ ምሳየና ዘውዱ፡ ተኸሳሲ ተወልደ መሓሪ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ኣሚና መሳ መሓመድ ዓሊ፡ ኣባይ መሳ መሓመድ ዓሊ ሱሌማን ስለዝተሰወአ፡ ኣነ 1 ጓሉ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ፍጹም ኣማኑኤል ታፍላ ምባል ተሪፉ፡ ኤሽን ኣማኑኤል ታፍላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድሕመድ እድሪስኖር ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ መሓመድኣሕመድ እድሪስኖር ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ዓብደልቃደር ኑር ደርደር፡ ስም ኣደይ ሃዋ ሃተ መሳ ምባል ተሪፉ፡ ከድጃ ኑር መዓር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ሓሊማ መ/ድ ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ ሓሊማ መ/ድ ዓሊ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዑመር ከራር መሓመድ ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ ዑመር ከራር መሓመድ ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓብደላ ዓሊ ሁመድ ምባል ተሪፉ፡ ኣይመን ዓሊ ሁመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


### መጽሓፍ ምስጢር [illegible]

[illegible]

[illegible] (Silent Killers) [illegible]

[illegible]

[illegible] 50 [illegible] (Life Expectancy) [illegible]

[illegible] 07148665፡ 0757077፡ 07755029 [illegible]

[illegible]

[illegible] 07148665





ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኲሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. / ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8:00 – 12:00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6: 00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-mail: bidhonational@gmail.com

ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ !!!

ሻባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ከም ሱፍ ምዃን

መሓሪ ዑቕባሚካኤል (ጠዊል)



ኣብ ምንባር ጥበብ ከም ዘድሊ ብዕምቈት ዘረድኡ ኣብ ሕብረተሰብ ዝርከቡ ያታዊ ትውፊታት ኣመና ብዙሓት እዮም። ልዕሊ እቶም “ከምዚ ግበር፡ ከምዚ ኣይብሃልን’ዩ፡ እዚ ነውሪ እንድዩ፡ ዒብ፡ ብሓደ ኣፉ፡” ወዘተ ዝብሉ ክብርታት ዝያዳ ምርኣይ ምዕዛብ፡ ልዕሊ ምዝራብ ምስማዕ፡ ካብ ምሽጋር ምህዳእ፡ ካብ ብዘይብልካ ብዘለካ ምዕጋብ፡ ወዘተ ዝተመርጸ ምዃኑ ዘረድኡ ልቦናታት ሕብረተሰብ ብዙሓት እዮም። ብቐንዱ ድማ ወዲ ሰብ ክገብሮን ክበጽሖን ንዝደለየ ዕላማ ኣብ ምክዋንን ምፍጻምን ክበላሓትን ኣድቂቑ ክሓስብን ከም ዘለዎ ዘስተምህሩ ካብ ኩለንትናዊ ትዕዝብቲ ዝነቕሉ ልዕለ-ማዕዳ ዝኾኑ ሓሳባት ውሑዳት ኣይኮኑን። እዞም ብኻብ ወርቂ ንላዕሊ እውን ክግለጹ ዝኽእሉ ትውፊታት ብቐንዱ ነቲ ሓሳባት ኣብ ምንዳይን ኣብ ኣፍራዩ ዕድመ ዝርከብን መንእሰይ ዝምልከቱ እዮም። ብዓቢኡ ድማ መንእሰይ ንያታዊ ትውፊታቱ ምስቶም እዋንን ቴክኖሎጅን ዝፈጥሮም ሓሳባት ኣወሃሂዱ ከዘውትሮምን ከወራርሶምን ከም ዘለዎ ንምሕባር ብኣብነት ዝቐርቡ እዮም።

ሱፍ
ሓሳባ ነዖትገዷፍ

ይትረፍ መንእሰይ፡ እቲ ተደጊፉ ዝትስእን እቲ ዕድመ ጸጊቡ ብምርኩስ ዝኸይድን ክፋል ናይ ሕብረተሰብ እውን ኣብ ህይወቱ ኣገዳሲ ዝኾነ ሓሳብ ኣሎዎ። ሰባት ካብን ናብን ተንቀሳቒሶም ይኹኑ ብኽልሰ ሓሳብ፡ ንኹሉ ሓሳቦም ይኹን ተግባሮም ምኽንያት ዝኾነ ኣገዳሲ ዕላማ ኣሎዎም። ብባህሪኡ እውን ወዲ ሰብ ንሓሳባቱ ተገዚኡ እዩ ዝነብር። ወዲ ሰብ ኣብ ስጉምን ጉያን፡ ቀትርን ለይትን፡ ርኽበትን ስእነትን፡ ሓጐስን ሓዘንን፡ ወዘተ ናይ ምንባሩ ቀንዲ ምኽንያት ኢሉ ዝኣምነሉ ዘይስገር ሓሳብ ወይ ዕላማ ኣሎዎ። ሕብረተሰብ ኤርትራ ድማ ነዚ ከምዚ ዝበለ ኣብ መዓልታዊ ህይወት ወዲ ሰብ ክስገር ዘይግብኦ ሓሳብ ወይ ንጥፈት፡ በዚ ኣበሃህላ የሰንዮ።

ኩሉ ከም ዝፈልጦ፡ ሱፍ ኣብ ናይ ምዕምባብ መድረኽ ምስ በጽሐት፡ ብርሃን ጸሓይ ንምርካብ ክሳዳ ደድሕሪ ጸሓይ ተዘውር ይብሃል። ከምቲ ዝብሃል እንተ ኰይኑ ዕምበባ ሱፍ ጸሓይ ክትበርቕ እንከላ ንምብራቕ ዝርኣኻያ፡ ኣብ እቶ እቶ እውን ንምዕራብ ገጻ ትጸንሕ ይብሉዋ። እቲ ቀንዲ ነገር ግና ሱፍ ከምኡ ትኹን ኣይትኹን፡ እቲ በቲ ኣበሃህላ ዝመሓላለፍ መልእኽቲ እዩ ኣገዳሲ። ይትረፍ ወዲሰብ ካልእ ፍጡር እውን ንዝዓለሞ ብምትግባር ኣብ ዝደለዮ ንምብጻሕ፡ ካብ ቀንዲ ሓሳቡ ንኻልኢት እውን ትኹን ርእየት ክፈሊ ከም ዘይብሉ ወትሩ ይምከር። ወዲ ሰብ ክበጽሖ ኣለኒ ንዝበሎ ጫፍ ክበጽሕ፡ ክኽተሎ ንዘለዎ መገዲ ከም ጭራ ነብሪ ክምስሎ ይግባእ። ብዘይ ሓጕጽጕጽ ዝሕለፍ መገዲ፡ ብዘይ ምሕኳር ዝድየብ ዓቐብ፡ ብዘይ ህድኣት ዝውረድ ቊልቊል ከም ዘየለ ምርዳእን ምቕባልን ከኣ ኣገዳሲ እዩ።

ሱፍ፡ ሳካ ክሳዳ
ኩኩ ነዖክብዳ።

ከምቲ ቅድም ኢሉ ዝተገልጸ ሱፍ ዝተዓጻጸፍ ወይ ዝለዋወ ክሳድ እዩ ዘለዋ። ኣብ ትዕዝብቲ ሕብረተሰብ ከም እትኣቱ ዝገበረ እውን እዚ ባህሪ እዚ እዩ ክኸውን ዝኽእል። እቲ ሓኸለ ናይቲ ኣበሃህላ ድማ ወዲ ሰብ ድላይ ወይ ጽቡቕ ሓሳብ ስለ ዘለዎ ጥራይ ኣብ ዕላማኡ ክበጽሕ ከም ዘይክእል ዘረድእ እዩ። ዋላ’ኳ እወታዊ ድላይ ወይ ጽቡቕ ሓሳብ መበገስን ቀንድን ናይ ዕላማ እንተኾነ፡ እቲ ንብጽሓተ ዕላማ ወሳኒ ዝኾነ ነገር ግና ኣብ ዕላማኻ ንምጻሕ እትኽተሎ መገዲ ዝሓቐፎ ጥበብ ወይ ሜላ እዩ። ብዙሕ ሰብ እውን ኣብዚ እዩ ዝፈላለ። ኣብ ዝኾነ ዓውዲ ዕዉታት ብምዃን ብኣብነት ዝለዓሉ ሰባት፡ ዝያዳ ጽቡቕ ምድላይ ኣብ ትግባረ ጽቡቕ ድላይ፡ ልዕሊ ኩሉ ዝጸዓቱ እዮም። ካብ ምጅማር ክሳብ ብጽሓተ ዕላማ ዘሎ መገዲ ኣብ ምኻድ ልዕሊ ካልእ ዝጓዓዙ እዮም። ብቐንዱ ግና ጀሚሮም ከም ዝውድኡ ይኣምኑ። ኣብ ነብሲ ወከፍ ዝመደብዎ ኣከያይዳ ምልኣተ ተግባርን ልዑል ቊጽጽርን ይኽተሉ። ኩሉ ዝሓሰቡዎ ኣብ ግዜኡን ቦታኡን ይትግበር ምህላዉ የረጋግጹ። ይትረፍ ሸለል ክብሉ፡ ነቲ ‘ሸለል’ ዝብል ቃል እውን ከድምጹዎ ኣይደልዩን። የርክበሉ ኣይብሉን። “ተርክበሉ” ንዝብሉም ሰብ እውን ኣራኽቦ ኣይህቡን። እዝን ካልእን ኢልካ ዝብጻሕ ድምደማ ድማ ንጹር እዩ። ኣብ ዕላማኻ ንምብጻሕ ብፍልጠት፡ ሞያ፡ ኣእምሮን ኣካልን ድሉዊ ምዃን እዩ። ብፍላይ ዕድመ ንእስነት እቲ ቀንዲ ወዲ ሰብ ኣብ ዕላማኡ ንምብጻሕ ዘውጠሖ ኩረሻ ስለ ዝኾኑ፡ መንእሰይ ንወርቃዊ ዕድመኡ ብድላይን ዝተዓጻጸፈ ጥበብን ከሰንዮ ዝግባእ እዩ።

ሱፍ፡ ሱራ ኽንተ ብጠለማ
ዕምበባካ ዖጠቕማ

እዚ ኣበሃህላ ንሱፍ ድያ ንኻልእ ተኽሊ ኣጸቢቑ ኣይፈልጥን። ግን ከኣ ሳላ ድፍረተይ ኣእትየያ ኣለኹ። ልዕሊ ኩሉ ግና እቲ ሓሳብ እዩ ኣገዳሲ። በትን ክትሰእን እንከለኻ በቲ ሓደ ትረኽበሉ፡ በትን ክትጥለም እንከለኻ በትን እትርድኣሉ፡ በቲ ሓደ ክዕጸወካ እንከሎ ካልእ ኣፈፌት (ኣፍ ቤት) እትረኽበሉ፡ ወዘተ ኣማራጺታት ክህልወካ ምግባር ኣመና ኣገዳሲ እዩ። ዋላ’ኳ ብዙሓት ኣመራጺታት ኣብ ሓደ ነገር ካብ ምትኳር ክዕንቅጽ ዝኽእል እንተኾኑ፡ በቲ ሓደ ወገን እውን፡ ነቲ ሓደን ቀንድን እትብሎ ዕላማ ኣብ ምብጻሕ ወይ ኣብ ምትግባር ዝተወሃሃዱ ኣማራጺታት ምህላው ግና ብኻልእ ዓይኒ ክጥመት ኣይግባእን።

ነብሪ እውን ኣያ ዝብኢ ምስ ሓተቶ ነዚ ልቦና ዝድርዕ መልሲ ሂቡ እዩ። ነብሪ ሃዲኑ ሰሰሓ ኣውደቐ። በሊዑ ኣብ ምጽጋቡ ከኣ ዝብኣይ መጸ። ነብሪ ድማ “ጸጊበ እንድየ” ከይበለ ንዝተረፈ ስጋ ሰሰሓ ናብ ገረብ ሰቐሎ። ስጋ ክበልዓሉ ዝኽእል ጥበብ ዘናዲ ዝነበረ ዝብኢ፥

“ኣንታ ነብሪ ሓወይ እዚ ስጋስ ክሳዕ ትጠሚ ኣብኡ ዘይጸንሓልካ፡” በሎ።

ነብራይ ድማ

“ኣያ ዝብኢ
ንሰኻኽ ሱቕ ኢልሃዶ ትርኢ
እቲ ንድሓር ንብሎ
ኣብ ገረብ ንሰቕሎ”

በለ ይብሉዎ።

ካብ ኣበሃህላ ኣያ ነብሪ፡ ብዛዕባ ጽባሕ እውን ርጉጽ ዝኾነ ፍጡር ከም ዘየለ ንምርዳእ ይከኣል። ኣያ ነብሪ ዋላ እውን ጽባሕ ዝህደና ክንዲ ሑጻ ባሕሪ ዝኾና ሰሰሓ ይሃልዋ፡ ንጽባሕ ዝያዳ በቲ ኣብ ኢዱ ዘሎ ትሕዝቶ እዩ ርእዩዋ። ጽባሕ ሃዲኑ ሰሰሓ እንተ ሓዘ ምስታ ሎሚ ዝሃደና ሰሰሓ እንተ ወሰኻ በርከት እዩ። መንእሰያት “ኤክሰስ” ኢኹም ትብሉዎ ትኾኑ። እዚ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዘውቱር ዝኾነ ኣበሃህላ ድማ ኣብ ምንባር ብሓፈሻ ኣብ ትግባረ ዕላማ ድማ ብቐንዱ ናብ ዓወት ዝመርሑ ተመላላእቲ ጥበባት ወይ መገድታት ክህልዉ ከም ዘለዎም የዘኻኽር። ከምቲ ዝብሃል እኳ፡ ሱፍ ብሰራውራ ማይ ክትሰሕበሉ ኣብ ዘይክኣለት ግዜ ንዕምበባኣ ምድሪ ከም ዝልሕስ ብምግባር፡ ማይ ትረክብ ይብሃል። ህይወታ ድማ ብዕምባባኣ ብዝተረኽበ ማይ ይቕጽል። እዚ ኣበሃህላ ልዕለተ ጥበብ ዝገልጽ ሓሳብ’ዩ። ኣብ ዕላማኻ ንምብጻሕ ነቲ ዘይከኣል ዝመስል ኣገባብ ብምኽታል ተኽእሎ ምፍጣር ከም ዝከኣል ምእማን።

## ሓሳብ ልበይ ንኽሰምረለይ እንታይ ክገብር፧

ህይወት ብኣቋራጭ ኣይትጽብቐን’ያ። ምናልባት ኣዴኻ ኣብ ሓጺር እዋን ክትዕወትን ክትነቓቓሕን ትደልየካ ብምንባራ’ያ ትኸውን፡ ናይ’ቶም ብኣቋራጭን ኣብ ሓጺር እዋንን ገንዘብ ዝሓዙ ሰባት ታሪኽ ህይወት ተዕልለካ ዘላ። እንተ ኾነ፡ ህይወት ፍጹም ከምኡ ኣይኮነትን። ህይወት ብዙሕ ኣስካላታት’ዩ ዘለዋ፤ እቲ ንጉዕዞ ምንባር ብዓወት ናይ ምዝዛም ባህጊ ዘሎዎ ሰብ ከኣ ዋላ እናተላሕጸጸ ኣብተ ኣስካላ ናይ ህይወት ከምፋሑኹ ክግደድ እዩ። ኣብዚ፡ ኩሉ’ቲ እትኸፍሎ መስዋእቲ፡ ዋጋ ናይ’ቲ ጽባሕ ክርከብ ዝኽእል ድሙቕ ህይወት ምዃኑ ክዝንጋዕ የብሉን። ኩሉ ሳዕ ናጻ ምሳሕ ዝበሃል የለን። ጽቡቕ ነገር እንተ ደሊኻ፡ ክቡር ዋጋ ክትከፍል ግድን እዩ።

ስለዚ ሰሚር ሓውና ሓደ ጽቡቕ ጌርካ ክትርድኦ ዝግብኣካ ነገር ኣሎ። ዋላ’ውን ኣብቲ ቅኑዕ መንገዲ ሃሊ፡ እቲ ክትገብሮ ዝግብኣካ እንተ ዘይጌርካ፡ ምውዳቕካ ዘይተርፍ እዩ። ኣብ ርእሲኡ ኸኣ ገና መንእሰይ ኢኻ ዘለኻ። እንተ ነፈዕካን ዘይተሓሊልካን ብሕጂ ብዙሕ ክትገብሮ እትኽእል ነገር ኣሎ። ከምዚ ዝነገርካና፡ እዚ ዝሓለፈ ዕደመኻ ብዙሕ ነገር ተማሂርካሉ ትኸውን ኢኻ። ምናልባት እቲ ፈተና ሓይሉካ ክኸውን ይኽእል እዩ። እንተ ኾነ፡ ካብ ጌጋታትካ ክትመሃር እንተ በቒዕካ፡ ተዓዊትካ ማለት እዩ። ዓወት ግድን ኣብ ዕላማኻ ምብጻሕ ጥራይ ዘይኮነ፡ ነቲ ናብ ዕላማኻ ዘብጽሕ ጉዕዞ ምጅማር እውን እዩ።

ብዙሓት ናይ ስነ-ልቦና ክኢላታት፡ እቲ ሕጉስን ዕዉትን ህይወት ኣርባዓ ድሕሪ ምርጋጽካ ከም ዝረጋገጽ’ዮም ዚዛረቡ። ኩሉ ሳዕ ዕድመ ንዝጥቀመሉ ዓቢ መምህር እዩ። ኣርባዓ ምስ ሰገርካ፡ እቶም ኣብ ንእስነትካ ክትፍጽሞም እትኽእል ጌጋታት ዳርጋ ንብምልኦም እንተ ወሓደ ሓሓደ ግዜ ክትበጽሖም ኢኻ። ኩሉ ሳዕ ጌጋኻ ንዘይምድጋም እንተ ተቓሊስካ ኸኣ ተዓዊትካ ማለት እዩ። ምኽንያቱ ንሰኻ ነቶም ድሮ ቅድሚ ሕጂ ዝፈጸምካዮምን ዝተመሃርካሎምን ጌጋታት ደጊምካ ኣይክትፍጽሞምን ኢኻ። ካልእ ፈቲንዎም ንዘይፈልጥ ሰብ ግና ከጋግይዎ ይኽእሉ እዮም።

ዶ/ር ቸሬ ካርተር ስኮት ትበሃል ምህርቲ ሰብኣዊ ዕብየት፡ ብዛዕባዚ ዘልዓልናዮ ኣርእስቲ ክትዛረብ እንከላ፥ “ህይወት መዋእልካ ተማሂርካ ዘይትምረቐላ ቤት ትምህርቲ እያ፡ ስቓይ ከኣ መምህራ። ስለዚ ክትዕወት እንተ ደሊኻ መጀመርታ ንዝገጥመካ ፈተና ክትሰዕሮ ኣለካ።” ብሓቂ ሰባት ንሽግር ከይተቓልዑ ናይ ብሓቂ መንነቶም ከረጋግጹ ኣይክእሉን’ዮም። ሰባት ኣብታ ናይ ስቓይ ሞቕሎ ምስ ተሰኽተቱ’ዮም ዝሕርሩ ወይ ከኣ ዝበስሉ። ስለዚ ኣብታ ናይ ፈተነ ሞቕሎ ምስ ተሰኽተትካ ቀምሲልካ ከይትተርፍ ጥንቅቕ በል። ልክዕ ከም ቆሎ መሸላ፡ ብስቓይ እናተለብለብካ ንምዕንባብ ክትቃለስ’ዩ ዘሎካ።

ናይ ምንባር ዕላማ ዘለዎ ሰብ ጥምየትን ሽግርን ተጻዊሩ ኣብ ዓወት ምብጻሕ ይኽእል እዩ። ዕዉታት ኣየቋርጹን’ዮም። እቶም ዘቋርጹ ኸኣ ኣይዕወቱን’ዮም። ስለዚ ጉዕዞኻ ብተስፋ ንምዝዛም ሓርኮትኮት በል። ኣይትተሓለል ከኣ። ኩሉ ግዜ ምንባር ክሳዕ ዘሎ ምስቓይ ኣሎ። ስቓይ ዘይብሉ ህይወት ከኣ የለን። ስለዚ ዓወት ማለት ፈተና ምስዓር እዩ፡ ሓጎስ ከኣ ትነብሮ ምቕባል።

ኣብ መወዳእታ፡ እዚ ንስድራኻ ክትሕግዝ ናይ ምድላይ ህንጡይነት ጽቡቕ እንድዩ፡ ግን ከኣ ንስድራኻ ክትሕግዝ ቅድሚ ምፍታንካ፡ ንገዛእ ርእስኻ ክትሕግዛ እዩ ዘሎካ። ሰብ ንባዕሉ ከይኮነ ንማንም ሰብ ክሕግዝ ኣይክእል’ዩ። ስለዚ መጀመርታ’ሞ ንነብስኻ ኹን፡ ሽዑ ኸኣ ብዛዕባ ስድራኻ ትሓስብ።

መጽሔት መንእሰይ ቍ.84

# መዘናጊ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ገዝሚ ኣብ ህንዲ

ገዝሚ ምስ ኩሉ ሃሲያታቱ ኣብ ብዙሕ ሕብረተሰብ እናተወራረሰ ክሰይድ ጸኒሑ እዩ። ኣብ ፓኪስታንን ህንዲን ድኻታት ስድራቤታት ንኣዝማድን ጎረባብትን



"ኣዋጽኡልና" ብምባል'ዩም ገዝሚ ጓል ዝኸፍሉ። ጉዳይ ገዝሚ ኣብ ከም ብዓል ህንዲ ዓቢ ኣርእስቲ እዩ። ኣብ ልዕሊ ስድራቤት መርዓት ድማ ዓቢ ፕዕቦዊ ጾር የስዕቡ። ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ምስ ገዝሚ ዝተኣሳሰሩ ጸገማት ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ስምዒታዊ መጥቃዕትን መጉዳእትን ክሳዕ ሞት ከይተረፈ ዝበጽሕ ገበናት የስዕቡ። ኣብ ህንዲ ምስ ገዝሚ ዝተኣሳሰሩ ጸገማት ካብ ዓመት 2017 ክሳብ 2022 ኣስታት 7 ሽሕ ደቂ ኣንስትዮ ከም ዝሞታ ይፍለጥ። ብሓፈሻ ክብረት ናይታ መርዓት በቲ እትግዝኦ ገዝሚ እዩ ዝልካዕ። ጓል ኣንስተይቲ ስድራኣ ነቲ ዝተላተተ ገዝሚ ኣብዚይ ሽፍኑሉ እዋን ብሱበኣያ ወይ ብሓሞታ ዓቢ መገረፍቲ እዩ ዝጾሞ። ደቂ ኣንስትዮ ከምዚ ዓይነት ግፍዕን ግህሰትን ምስ ኣጋጠመን ኑብሱ ቅትለት ይፍጽማ እየን። እዚ ዓይነት ባህሊ ኣዝዩ ጉዳኢ ባህሊ እዩ።

## ጠባይን ዝምድናን

ኣብ ዝምድና እቲ ወሳኒ ጠባይ እዩ። ሓፈሻዊ ኩነታት ጥዕናኻ ብጠባይካን ጠባይ ናይቶም ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታትካ እትረኽቦም ሰባትን እዩ ዝጽሎ። ጠባይካ ኣብ ህይወትካ ዘሎ ምርጫታት ክጽብጦን ክጸፍሖን ዓቢ ተራ ኣለዎ። ካብ ምስ ገለ ሰባት ከተሕልፎ ዝትገብኣካ ተመኩሮታት ክኸልክለካን ብኣንጻሩ ድማ ክሱበ'ቲ ዝለዓለ ከም ተሰተማቕሮ ክሕግዘካን ይኽእል። ካልኦት ሰባት ናጻካ ከም ዘይለግቡ ወይ ክፍለዩኻ ከም ዘይደልዩ ዝገብርዎም ጠባይካ'ዩ። ንሓደ ሰብ ኣዝዩ ባህ ዘብል ጠባይ ኣለዎ ኢልካ ዝገለጽካዮ ግዜ ክንደይ ኮን ይኸውን? ከምኡ ዝበልካሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ እቲ ሰብ ፍሕሽው፡ ደስ ዘብል፡ ምስኡ ጠባይ ስለ ዘለዎ ምስኡ ብምህላውካ ምቹእነት ዝስምዓካ፡ ብቐሊል ከተዕልሎን ክትጻወቶን ትኽእል ስለ ዝኾነ'ዩ። ከም ዓርኩመሓዛን መሳርሕትን እትመርጾ ዓይነት ሰብ ብምኻኑ'ዩ። ከምኡ'ውን ኣዝዩ ሕማቕ ጠባይ ኣለዎ ኢልካ እትገልጾ ሰብ ይህሉ'ዩ። እዚ ዘይሕጉስ ኩሉ ግዜ ተጻራሪ ዓማጺ ዘይሕወስ ምስኡ ብምህላውካ ምቹእነት ዘይፈጥር ወይ ድማ ንክትለግቦ ዘይዕድም ክኸውን ይኽእል። በዚ ምኽንያት ከኣ ብኻልኦት ተፈጺጉ ይኑብር። ኣብ ጠባይ ናይ ሰባት ፍርዲ ኣብ እትህበሉ እዋን



ካልኦት ብዛዕባ ጠባይካ ፍርዲ ከም ዝህቡ ዘይምዝንጋዕ። ኩሉ ግዜ ኣብ ማሕበራዊ ንጥፈታትና፡ ምስ ሓያሎ ሰባት ርክባት ክንፍጽም ግዴታ እዩ። ብሓቂ'ውን ኢዮም እንፍጽሞም ማሕበራዊ ንጥፈታት ቁጸርምን ዓይነቶምን ጠባይና'ዩ ዝወስኖም። ንመጸኢ ኣብ ስራሕካ ክትበጽሖ እትሕልኖ ከኣ መዳርግቲ የብሉን። ማያታማ ጋንዲ፡ "ዝምድናታት ኣብ ኣርባዕተ መትከላት ዝተመስረቱ እየም። ንሳቶም ከኣ ምኽባር፡ ምርድዳእ፡ ምቕባልን ምድናቕን እየም።" ብምባል እዩ ዝገልጾ። ኣዕሩኽ ከተጥሪ እንተ ደሊኻ ንሰባት ብሕያውነትን ውዕውዕ ስምዒትን ሰላም በሎም። ብዛዕባ ጠባዩ ክትገረፈ ዝኽእል ዝኾነ ናይ ሰኡልና ፈተና ክወስድ ኣየድልየንን'ዩ ዝብል እምነት ክህልወካ ይኽእል ይኸውን። ምኽንያቱ ካብኻ ሓሊፉ ብዛዕባ ጠባይካ ክፈልጥ ዝኽእል መን'ሞ ክህሉ'ዩ። የጉዳስ ብዙሓት ንጠባዮም ኣመልካቲዮም ክጽሕፉ ኣብ ዝሕተቱሉ ከም'ቲ ዝድለ ከምዘይጽሕፉ እዮም መጽናዕትታት ዝሕብሩ።

## ሓሳባትካ ምቁጽጻር

ኣተሓሳስባና ንስምዒትናን ባህርያትና ኣዝዩ'ዩ ዝጽልዎ። ዓወት ወጽኢት ቅኑዕ ኣተሓሳስባ ምኻኑ'ውን ዘካትዕ ኣይኮነን። ዓወት ወጽኢት ስራሕን ቃልስን እዩ። ኣእምሮና ኣብ ሓሳባት ዘጥፍኦ ጸዓት ምስ እንርኢ፡ ካብ'ቲ ንእወታዊ ሓሳባት ዘድልየና ጸዓት ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ዘሰላስሉ እዋን ዝጥፍእ ጸዓት ብዕጽፍታት ይበዝሕ። ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ናብ ኣእምሮ ምስ ዝቕልቀል ምምራርን ምውቃስን እዩ ዝጸዪ። ከም'ዚ ዝመስል ስምዒት ምስ ዝቕልቀል፡ ብዘተኽእል መጠን ጸቡቕ ነገራት ምዝካርን ንመጸኢ ጸቡቕ ነገር ምሕሳብን ከም ዘድሊ ምዝካር ኣገዳሲ እዩ። ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ እንተ ተቐልቂሉ፡ ካብ ሕሉፍ ሓሕዋቑ ጥራይ ከም ዝዝክር እዩ ዝኑብር። ካልእ መለለዪ ናይ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ከኣ ጉድለታትካ



ንሲኻ ኣብራት እንዳማትካ ምግላሕ እዩ። ብውድቀትካ ንኡብሾኻ ክትእርምን ከተማዕብልን ኣብ ክንዲ ምፍታኑ ብፍሽለትካ እትወቕሶን ድኻምትካ እተላግበሉን ወገን ምንዳይ ጉዳኢ እዩ። ካብ ጌጋኡ ዘይመሃርን ሕጽረታቱ ከለሊ ዘይክእልን ሰብ ክዕወት ስለ ዘይክእል በቲ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ እዩ ዝፈሸል። እቲ ናይ ምምራርን ምውቃስን ዝንባለ ካብ ንሰባትን ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ነገራትን ሓሊፎም፡ ንዓለም ብዓለማን ንህይወት ብምሉኣን ከም ዘወቕሱዎን ዝጸልኡዎን ይጉብርዎም'ሞ፡ ብዛዕባ ብዓንቀጦም ክፈትሕዎ ዘይክእሉ ነገራት መወዳእታ ኣብ ዘይብሉ ምህውታት ግዜኦም የጥፍኡ። ከም ወጽኢት ናይ'ቲ ካብ ዓቕሞም ወጻኢ ዝኾነ ነገራት ምሕሳብ ከኣ ኑብሰ ምንእኣስን ኑብሰ ወቐሳን የማዕብሉ። እዚ ከኣ ባዕሉዩም ዝፈጠርዎ ዘይቕኑዕ ምስልታት ከም ዘሸግርዎም ይጉብርዎም።

## ምስጢር ዕድለኛታት ሰባት

መጽናዕትታት ከም ዝሕብሩዎ ጸቡቕን ሕማቕን ዕድል ደቂ ሰብ ኣብ ናይ ገዛእ ርእሶም ኣተሓሳስባን ባህርያትን ከም ዝምርኩሰ ይሕብሩ። "ዕድል፡ ዕድለኛ ምኻንካ ምእማን'ዩ"- ብምባል እዩ ተኒሲ ዊልያምስ ዝገለጾ። እቲ ምንታይሲ ዕድለኛታት ሰባት ኩሉ ግዜ ትስፉዋት፡ ህርኩታትን መጻዚድን ክኾኑ እንክለው፡ ብኣንጻሩ ዘይዕድለኛታት ግን ህኩያት፡ ኣብ ህይወቶም ጭሙቓትን ኣብ ከባቢኦም ንዝፍጠር ዕድላት ድማ ዝከስዩን'ዮም። ስለዚ ዕድል ዝበሃል እቲ ንኡብሾኻ ከምዚ'ያ ኢልካ እትሓስቦ ምኻኑ'ዩ መጽናዕትታት ዝሕብሩ። "ኣነ ዕድለኛ'የ" ኢሉ ንዝሓስብ ሰብ እቲ ጸቡቕ ዕድል ናብኡ ገጹ'ዩ ዝጎዓዝ። ንኡብሱ ከም ዘይዕድለኛ ዝቆጽራ ሰብ ግን ዕድለኛ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ። ምኽንያቱ ደቂሰብ ወጽኢት ኣተሓሳስብኦም ስለ ዝኾኑ።



ኣብ ህይወት ብዙሕ ዕንቅፋት ከም ዘሎ ርዱእ ነገር እዩ። እንተኾነ ዕድለኛታት ሰባት መብዝሕትኡ ግዜ ንወሸጦም ብምስማዕ ቅልጡፍ ውሳኔታት እዮም ዝወስዱ። ኣብ ገዛእ ርእሶም ብምትእምማን ስጉምቲ ናይ ምውሳድን ንሓደሽ ዕድላት ናይ ምቕላዕን ተኽእሎኦም ዝለዓለ እዩ። ዕድለኛታት ሰባት ቀጻሊ ዝምድናታት ንምዕባይ ምስ ሓያሎ ሰባት ዝራኸቡሉ ኣጋጣሚ ይፈጥሩ እዮም። ብሕጽር ዝበለ ኣገላልጻ ሓደ ሰብ ኣዝዩ ተደላዪ ነገር ምስ ዝህልዎ ወይ ኣብ ኣዝዩ ተደላዪ ኩነታት ምስ ዝሀሉ ዕድለኛ እዩ ክንብሎ ንኽእል።

ገለ ካብ ምስጢራት ዕድለኛታት ሰባት፡-

- ዕድለኛታት ሰባት፡ ንሓደሽቲ ዕድላት ንምስትብሃልን ንምምዝማዝን ዝሃዳ ክፉታት እዮም። ክፉት ኣተሓሳስባኦምን ንዕድላት ንቑሓት ምኻኖምን ማለት ንሓደ ዕድል ምስ ረኣዩ ከለልይዎ ጥራይ ዘይኮነስ ንዕኡ ንምጥቃም ቅልጡፍ ስጉምቲ ክወስዱ'ዮም ዝርእዩ።
- ኣዝዮም ትስፉዋት እዮም። እወታዊ ኣተሓሳስባ ስለ ዘውንኡ ከኣ ወጽኢታዊ ነገር ናይ ምፍራይ ዕድሎም ዝለዓለ እዩ።
- ዕድለኛታት ሰባት ብጸቡቕ ዝተቓጸ ወሸጣዊ ድምጺ ኣለዎም። መብዝሕትኡ ግዜ ናይ ወሸጦም ስምዒት እንታይ ዕድል ከም ዘምጽኣሎም ብዮክእ ስለ ዝርድኡ ብበቐዓት ይሰምዕዎ።
- ዓቢ ተጻዋርነት ይውንኑ። ኣብ'ቲ ተስፋ ዝህብ ኣተሓሳስባኦም ክጸንዑን ነቲ ሕማቕ ዕድሎም ናብ ጸቡቕ ዕድል ክቕይርዎን የኽእሎም።

## ጥቕስታት ዕድል

- "ኣብ ዝኾነ ዕማም ናይ ዓወት፡ ዕድልካ ኩሉ ግዜ ኣብ ኑብስኻ ብዘሎካ እምነት ክዕቀን ይኽእል።" – ሮበርት ኮሊየር
- "ዓወት፡ ጻዕርን ዕድልን ዝራኸብሉ ኣጋጣሚ እዩ።" - ቦቢ ኡንሰር
- "ዕድል እንተ ዘይኣሕከኩሓ ባዕልኻ ማዕጾ ስርሓሉ።" - ሚልተን በርለ
- "ንዕድል ኣይትጸበ። ባዕልኻ ፍጠሮ።" - ጆርጅ በርናርድ ሻው
- "ብኸምቲ ንስኻ እተፍቅሮ ብምሉእ ልቡ ዘፍቅረካ ሰብ ንኽትረኽብ ከቢድ'ዩ። ስለ ዝኾነ እቲ ዕድል ምስ ዘጋጥመካ ኣይተጥፍኦ።" - ዘይተፈልጠ
- "ኣብ ገዛእ ርእስና ዝጸሞቐ ሓይልን ዓቕምን ንረኽበሉ ዕድል፡ ህይወት ቡዳጊት ክትክውን እንክላ'ዩ።" - ጆሴፍ ካምበል
- "ትግሃት ኣደ ጸቡቕ ዕድል እያ።" - ቤንጃሚን ፍራንክሊን።
- "ህይወት ኩሉ ግዜ ካልኣይ ዕድል ትህበካ እያ። ጽባሕ ተባሂሉ ከኣ ይጽዋዕ።" - ዲላን ቶማስ
- "ኣብ ዓለም ውሑስነት ዝበሃል የለን፡ ዕድል ጥራይ እዩ ዘሎ።" - ዳግላስ ማክኣርተር

## መልሲ ዝተመሳቐለ ቃላት

መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ኣ | | ም | ና | ት | | ዋ | ን | ነ | ት | | እ |
| ብ | | ር | ብ | ራ | በ | | ግ | ታ | ረ | | ም |
| ር | ገ | ጽ | | ፍ | ለ | | ዚ | | | ዓ | ቢ |
| ሃ | በ | | ዝ | | | ብ | ኡ | ነ | ት | | ታ |
| | ር | | ብ | ና | ን | | | ቢ | ም | ቦ | |
| | | ክ | ኢ | ላ | | ዋ | ት | | ታ | ታ | |
| | ሰ | ስ | | | መ | ላ | ግ | ቦ | | | ጎ |
| ተ | ብ | ተ | ብ | | ስ | | ረ | | ው | ዕ | ል |
| ሰ | ዓ | ት | | ነ | ሓ | ፈ | | | | ላ | |
| ና | | | መ | ስ | ሕ | ት | | ጋ | ሕ | ማ | ጥ |
| በ | ላ | ዒ | | ነ | | ሊ | | ረ | | | ዑ |
| ተ | ማ | ላ | ለ | ሰ | | | ኤ | ደ | ን | | ስ |

# ቢትኮይን - መወዳእታ ምዕራፍ ፍልቀት ገንዘብ

ናትናኤል ግርማይ (ሜጋ)
ሚኒስትሪ ፍትሒ

ከባቢና ምስ እንዕዙብ ንኩልና ደቂ ሰብ ሓደ ዝጉብኡናን ብሓባር ዘገድሱናን ብዙሓት ነገራት ኣለዉ። ካብኡዶም ብዙሓት መሰረት ህላወና ዝኾኑ ከም መግቢ፣ ማይ፣ መጽለሊ፣ ካብዞም ዝተጠቕሱ ጸብለል ዝብል ድማ ገንዘብ እዩ። ነዚ ኣብ መወዳእታ ዝተጠቕሰ "ገንዘብ" "ኢየፋሉን! ገንዘብ! ምስኣም ዝሰራዕ ኣይኮነን" ብምባል ዘይሰማምዑሉ ሰባት ይህልዉ ይኾኑ። ብተወሳኺ፡ "ገንዘብ ንህላወና ኣገዳሲ ኣይኮነን፡ ወዲ ሰብ ብዘይ ገንዘብ ዝነበረሉ እዋን ነይሩ'ዩ። ክንነብር ከኣ ንኽእል ኢና" ዝብሉ ይህልዉ። ብኻልእ ሸነኽ ከኣ "ገንዘብ ከም መሰረት ህላወና ዘይኮነስ ምስኡዶም ከም ድሌት ዝቑጸሩ ነገራት ክጽብጸብ ኣለዎ" ብምባል ንምጉቶም ይድርዑሉ።

ክውንነት ምርኩስ ገይርና ምስ እንዝረብ ግን፡ ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ከንዲ ሰብ ብዘኣኽለና መጠን ብዘይ ገንዘብ ምንባር ዘይከኣል'ዩ። ከንዲ ዝኾነ ንፍተዎ ንጽልኣዮ ኣብዚ ግዜ እዚ፡ ገንዘብ ከም መሰረታዊ ዓንዲ ማእከል ወዲ ሰብ ካብ ዝኾኑ ባእታታት ሂወት ተቖጺሩ፡ ናይ ኣንበሳ እጃም ሐዙ ንረኽቦ። ዝበዝሐ ብሰብ ተደለይቲ ዝበሃሉ ሃለኽቲ ይኹኑ ዘይሃለኽቲ ነገራት ንምርካብ፡ ኣብ ክንዲ ንብረት ብንብረትን ኣገልግሎትን ምልውዋጥ፡ እቲ ዕድጊ ብገንዘብ እዩ ዝካየድ ዘሎ።

ሕሱብ'ሞ ኑብሎ፡ ዝበዝሐ ካብ ሂወትና'ኮ ገንዘብ ኣብ ምምእራርን ሕልምታትና ኣብ መፈጸምታኦም ንምብጻሕን ኣብ ዝጋበር ሃለኽለኽ ኢና ነሕልፎ። ሕሉፍ ሓሊፉ ገንዘቡ ንገለ ሰባት፡ ከም መሳርሒ ዓመጽን ስርቅን ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ፡ ፍጡር ወዲ ኣዳም ንክቐትሉ ዝድርኾም ተሃራፊ ነገር እዩ። ገንዘብ ማዕረ ስልጣኑ ወዲ ሰብ ዕድመ ዘለዎ ኮይኑ፡ ከም ኑዳዲ ንውግእ፡ ከም መሳልል ንስልጣን ጥራይ ዘይኮነ ቀንዲ ደጋፊ ንለውጥን ዓንቃፊ ለውጢን ኮይኑ ሰሪሑን ይሰርሕን ኣሎ።

ገንዘብ ከምቲ ኣብ መእተዊ ጽሑፈይ ዝገለጽክዎ፡ ምስ መላእ ሕብረተሰብ ዓለም ኣገዳሲ ካብ ምውህሃዱ ዝተላዕለ፡ ቀንዲ ባህርኡ ስወር ኮይኑ ጸኒሑን ኣሎን። እዚ ሕጂ ዘቕርቦ ታሪኽ ድማ፡ "ታሪኽ ገንዘብ" ወይ ድማ "ታሪኽ መወዳእታ ገንዘብ ኢለ ክጽውዖ" እየ።

ኣብ ባንኪ ዘሎ ሕሳብካ (ገንዘብ) ከንዲ ዝሃጠረ ይህጥር፡ ፖርቶፎልዮኻ እውን ከንዲ ዝዓበረ ይዕበር፡ ኩሉ ከም ጥረ ገንዘብ እዩ ኣብ ኣእምሮ ሰባት ዝሕሰብ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ድማ ንጥረ ገንዘብ ካብ መሰረቱ ካብ ገጽ ምድሪ ንምጥፍኡ ሃቐነታት ኣሎ። ሓደ ካብኡ፡ ናብ ናይ ሓደን ዜሮን ኮድ ብምቕያር "ዲጂታላዊ ገንዘብ" ኢሎም ዘጠምቕዎ እዩ። በዚ ከዩብቅዐ ምስ ናይ ዓለምለኻዊ መርበብን ኮምፕዩተራትን ተተሓሒዙ ሽሑራዊ ኢልካ ክትገልጾ ዘድፍር "ባጤራ ክሪፕቶ" (crypto currency) ኢሎም ዝጽውዕዎ ዓይነት ገንዘብ እውን ኣሎ። "ባጤራ ክሪፕቶ" ብምስጢር ተሰሪሑ ንሓፋሽ ህዝቢ ዓለም ዝተዋህበ "ምረቓ'ዩ" ብምባል ዝገልጽዎ ድማ ኣለዉ።

ኣብዚ ክፍለጥን ምስትብሃል ዘድልዮን ጉዳይ፡ እዚ ዝተጠቕሰ ዓይነት ባጤራ፡ ዝቼብጦ ባጤራ ጥራይ ዘይኮነ፡ ፕሮግራምድ ክኸውን ዝኽእል ገንዘብ እዩ። ብኣገላልጻኡ ኣም ኪይዱ ኪይዱ ኑቲ



መንግስታት ኣብ ገንዘብ ዘለዎም ቁጽጽር ዝበትኽ እዩ። ከምቲ ኢንተርነት ንምእኩል ማዕከን ሚድያ (main stream media) ተጠላቢኡቱ ኣገዳሲ ዝሰየ፡ ቢትኮይን ድማ ንገንዘብ ከምኡ ዓይነት ወደቓ ክወድቖ'ዩ ይብሃል ኣሎ። እዚ ማለት ኢንተርነት ንሓብሬታ ካብ ቁጽጽር መንግስታትን ወግዓውያን ትካላትን መዝሊዑ፡ ናብ ዘርከበ ሓመድ ሓፋሽ ከም ዝበጽሕ ዝገበረ፡ ቢትኮይን ድማ፡ ንገንዘብ ናብ ቁጽጽር "ተራ ሰብ ክሰግር ኢና" ኢሎም'ዮም ዝገልጹ ዘለዉ።

እዚ ዲጂታላዊ ገንዘብ ዝበሃል ግን፡ ከም ኩሉ ባጤራታት ብወርቂ ዝምዘን ድዩ? ከም ዝኾነ ልሙድ ባጤራ ዝህልዎ ባህርያዊ ክብሪ (intrinistic value) ብምንታይ ይግለጽ፤ ምንጪ ክብሪ ናይቲ ባጤራ ብልክዕ እንታይ ምኳኑ ይፍለጥ ድዩ፤ ብርግጽ'ከ 'ቢትኮይን' ናይ መጻኢ ዓለምለኻዊ ባጤራ ክኸውን ድዩ? ኣቐዲምና ታሪኽ ገንዘብ ከመይ ከምዝነበረ ነዕልል እሞ፡ መልሲ ኣይንሰእኖን ንኸውን። ቅድሚኡ ግን ኣብ ልብኹም ዝጸንሕ ደሓር ዝትንተን ነዚ ዝስዕብ ሓሳብ ወስ ኩብል፥

ኣብ ሓደ ድግስ ትሑት ወይ ከኣ ዝኾነ ኣታዊ ዘይብሎም ሰባት፡ ኣገዳሲ ብዙሕ ዝኾነ መጠን ገንዘብ ካብ ባንክታት ተለቒሖም ነበሩ። እተን ባንክታት ከኣ ከለቅሓኦም ከለዋ ዝኾነ ስግኣት ኣይተሰመዐንን። ምኽንያቱ ብቐደሙ እቲ ዘለቅሓኦም ገንዘብ ኣብ ዕዳጋ ዘዩ፡ ኣብ ኮምፕዩተራትን መዘገብ ተለቃሕትን ጥራይ ዝርከብ vertual ወይ ሃሳስ ገንዘብ ስለ ዝነበረ።

ኣብ ጉዳይና ክንምለስ፡ ባንክታት ዓለምን ናይ ፋይናንስ ክኢላታትን ብዛዕባ ናይቲ ቅድሚ ሕጂ ዝተኸተልዎ ቁጠባዊ ውሳኔታት ንኩቦም ክንእዱን ክዕበዩን ይውዕሉ ነበሩ። ከም ውጽኢት ድማ ሓሻሽነት (ምሽማት) ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ በጺሑ። ሃንደበት ግን ዓቢ ቁጠባዊ ውድቀት ኣጋጠመ። ከቢድ ቁጠባዊ ስንብራት ናይተን ዝደኸያ ሃገራት ድማ ብማዕከናት ዜና ተወርየ። ባንክታት ተሻቐላ፡ ሻቕሎተን ግን ፍታሕ ኣብ ክንዲ ዘምጽእ ንዋጋ ንብረትን ግዝን ሰማይ ከም ዝበጽሕ ገበሮ። ሓንቲ ካብተን ዝምክሓ ዝነበራ ዝዓበያ ባንክታት ናይቲ እዋን'ቲ ኣብ ሕሱም ጥፈሻ ኣተወት። ንኣሸቱ ባንክታት ከም መውጽኢ ጸገም፡ ናብተን ዝዓበያ ባንክታት ከይደን ዘቐመጠኦ ትሕጃ ገንዘበን ሓተታ። ይኹን እምበር ሕቶኣን መልሲ ከይረኸበ፡ ኣብ ማእከል ዓለምለኻዊ ፋይናንስ ዝነበረ ገንዘብ ደስከለ። ንብረት ተሓረጀ። ድሕሪ'ዚ ባንክታት ተዓጽዋ። ኣብ ተገልገልቲ ጉሉሕ ናይ ገንዘብ ሕጽረት ድማ ኣጋጠመ። ኣብ መወዳእታ ግን፡ ሕብረተሰብ ክዓኑ ዓይነኻ ሰም ምባል ስለዘይከኣል፡ መንግስቲ ጣልቃ ብምእታው፡ ንዘቐጽል ቅልውላው ዋሕስ ዝኸውን፡ ኣብ ታሪኽ ወዲሰብ እቲ ዝዓበየ ኣብ ናይ መንግስቲ ትሕጃ ዝተሞርኮሰ ዋሕስ ባጤራ ናይ መንግስቲ (bailout) ተጉበረ። ነዚ ታሪኽ እዚ ንዝክሮ'ዶ? ነዛ ሕቶ እዚኣ ዝሓተትኩሉ ምኽንያት እዚ ፍጻመ'ዚ፡ ምስ ናይ 2008 ቁጠባዊ ቅልውላው ስለዝመሳሰል እዩ። እንተኾነ ብርግጽ ክንዝክሮ ኣይንኽእልን ኢና፡ ምኽንያቱ ቅድሚ 2000 ዓመታት ዘጋጠመ ስለ ዝኾነ።

ሮማ ኣብ መበል 33 ዓምት ምህረት ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ፡ ማእከል ቁጠባዊ ጸገማት ብምንባራ ናይ መንግስቲ ዝዓበየ ገንዘባዊ ዋሕስ (bailout) ዝተኻየደላ ከተማ ነበረት። እዛ ካብ ዝዓበዩ እምበራጦርያ ናይ ዓለምና ዝነበረት ንግስነት ሮማ፡ ብሰንኪ ዓቢ ናይ ባንኪ ውድቀት፡ ናብ ምንብርካኽ ገጻ ዝተቓረበትሉ ኩነት ነበረ። ንጉስ ታይብሪዮስ ኣብ ቁፎታት መንግስቲ ዝተኸዘነ ገንዘብ ተጠቒሙ ንተሸገረን ዝነበራ ባንክታት ዋሕስ ኮይኑወን ንዘተረኽመሸ ቁጠባ ድማ ትንፋስ ኮይንዎ። ታሪኽ ዋላ'ኳ ዝበዝሐ ግዜ ንኡሱ ኣይደግምን፡ ብተመሳሳሊ ረምታ ናይ ምኻድ ባህሪ ግን ኣለዎ። እዚ ናይ ሮማ ፍጻመ ዘርኣየና ነገር እንተልዩ ገንዘብን በትረ ስልጣንን ኩሉ ግዜ ጥቡቕ ምትእስሳር ከምዘለዎም እዩ። ካብዚ ተበጊሱ ከኣ እዩ ፍራንሲስ ቤኮን "ገንዘብ ብሉጽ ኣገልጋሊ ግን ከኣ ሕሱም ጎይታ" ዝበለ።

ታሪኽ ገንዘብ ከንዲ ታሪኽ ስልጣኑ ወዲ ሰብ ዝኸውን ንውሓት ግዜ ኣለዎ። ብሕፍሽ ዝበለ ኣገላልጻ፡ ባጤራ ኣብ መንጎ ሰባት ናይ ክብሪ ልውውጥ ንምግላጽ ዝሕግዝ ቋንቋ እዩ። ገንዘብ ሓደ ካብ ምህዞ ደቂ ሰብ ኮይኑ ካብ ጥንታውያን ምህዞታት ካብ ብዓል ዕንክሊል (wheel) ዝዓቢ መሰታ ሓዊ እዩ። ቀደም ካብ ቀቢላኻ ወይ ኮም ወጻኢ ክትዋገድ ምስ እትደሊ፡ ምስ ኩሉ ከሰማምዓካ ዝኽእል ማእከላይ መለዋወጢ (ባጤራ) ግድን ክህልወካ ኣለዎ። ናይቲ እዋን'ቲ ምርጫ ድማ ንብረታዊ ባጤራ (commodity money) እዩ ነይሩ። ብቐለሊ ዝፍለጥ፡ ተመጣጣኒ ዓቕን ዘለዎ፡ ናብ ንኡስ ዓቕን ዝምቀል ብኻልእ ሓደ ዓይነት ክብሪ ዘለዎ ነገር ድማ ክቕየር ዝኽእል፡ ናብ ዝኾነ ቦታ ሒዝካዮ ክትንቀሳቐስ ድማ ብተዛማዲ ዝቐለለ እዩ ነይሩ። ኣብ ጥንታዊት ሮማ ጨው፣ ኣብ ንግስነት ኣዝቴክ ፍረ ካካዎ፣ ኣብ ፊጂ ስኒ ዓሳ ነባሪ፣ ኣብ ኣፍሪቃ ድማ ዑንቂ ከም ናይ ንብረት ባጤራ ኮይኖም ኣገልጊሎም። ኣብ ከባቢ 2500 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኣብ ቻይና ናይ መጀመርታ ሓጺናዊ ሳንቲም ተሰሪሑ። እቲ ባጤራ 5 ጠብያት ናይ ሓደ ባጤራ ዘማልኣን ሒዝካዮ ክትንቀሳቐስ ድማ ዝመቻችኣን እዩ ነይሩ። ናብ ታሪኽ ተመሊስና ናይ ገሊኦም ስልጣኔታት እንፈልጠሉ እንኮ ሓድጊ ናይ ሳንቲም ባጤራኦም ምኳኑ ዝተፈልጠ'ዩ።

ከምዝግለጽ ገንዘብ ብመንግስታት ዝምስረት ዘይኮነስ ካብ ሓይሊ ዕዳጋ ዝምንጩ እዩ። ሳንቲም ኣብ ጥንታዊ እዋን ከም ዓለምለኻዊ ኣጉቡብ ልውውጥ ዕዳጋ እዩ ዘገልግል ነይሩ። እዚ ይኹን'ምበር እቲ ዝጥቀመሉ ዘሎ ሰብ፡ ኑቲ ሳንቲም ዝሰርሐ ንጉሱ፡ ዝተመናየ ዋጋ ምስቲ ሓቀኛ ዋጋ ናይ ሓጺናዊ ትሕዝቶ ናይቲ ሳንቲም ከም ዘየደናግር ምስ ዝኣምን ጥራይ እዩ። እዚ ማለት ሓደ ሳዕለዋይ ኣካል ንዋሕዚ ገንዘብ ከም ዝቈጻጸሮን ኣብ ማእከል ገንዘብ ዝሰረተ ሓይሊ መንግስቲን ከምዝነበረ እውን ዝገልጽ እዩ። ንሰናቲም ምስ ኩነታት ዕዳጋ ብዙሳ ዋሕዚ ብምምስራሕ ርጉእ ዝኾነ ቁጠባ ይፈጥር። እንተኾነ ጥንታውያን ነጋውስ ንናይ ወርቂ ሰናቲሞም ብብዙር የተሓሕትዎን ወይ ድማ ናብ ንኡስ ዓቕን (ብኸም ንኣብኡት ኣብ ባጤራ ናቕፋ ናይ



100 ባጤራ ጥራይ ዘይኮነ ናይ 50 ናይ 20 ከምኡ እናበለ ንዝተሓተ መጠን ዕድጊ ከም ዘገልግል ዝጉበር ኣጉቡብ እዩ) ይመቐልዎን ወይ ከኣ ኣብ ዓቕን ሰናቲሞም ንኣሸቱ ቁርጽራጻት ኣምኪኾም ኣብ ዕዳጋ ይሸጥዎም ነበሩ።

እዚ ዘይማእመኑኣም ጥንታዊ ዓለምለኻውያን ነጋዶ ካልእ ነገራት ክበላሓቱ ተገደዱ። እቲ ሓደን ኣገዳስን ነገር ዘስተብሃሉሉ ድማ" ዕዳ" ወይ ልቓሕ ዝበሃል ነገር፡ ዋጋ ከምዘለዎን ከትዋገደሉን ኑቲ ዕዳ ወይ ልቓሕ ከተሰጋግሮን ከም ትኽእል ኮይኑ፡ ኣብ ክንዲ ካብ ተለቃሒ ንወሃቢ ገንዘብ ዝመላለስ፡ ከምዘለዎ ብምስግጋር ንሰናቲም ተኪኡ ከም ባጤራ ከገልግል ከም ዝከኣል ምፍላጦም እዩ። እዚ ክኸውን እንተኾይኑ ግን፡ ኑቲ ዕዳ ዝምዝጉብን ዝሕዝን ኣካል ካብቲ ብዓል ዕዳን ኣዕዳይን ልዑል ዝኾነ ተኣማንነትን ተቐባልነትን ክህልዎ ኣለዎ። ካብዚ ኣጉቡብ ድማ ናይ ወረቐት ገንዘብ ተወልደ። ናይ ወረቐት ገንዘብ ኣብ ዝቼብጦ ናይ ንብረት ባጤራ ወይ ኣብ ሓጺናዊ ይኹን ወርቃዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ሳናቲም ዘይኮነ፡ ኣብ ናይ ሓደ ውልቀ ሰብ ዕዳኡ ክኸፍል ናይ ዘለዎ ሙብጽዓን ዝተዓደየ ወይ ዘለቀሐ ሰብ ከኣ ገንዘቡ እቲ ተዓደዩ ወይ ተለቂሑ ዘሎ ሰብ ክኸፍሎ ከም ዝኾነ ናይ ዘለዎ ፍጹም እምነትን ዝተሰረተ እዩ። ኣብ ጥልያን ናይ ልቓሕ ሕሳብ ዝምዝግባ ናይ ነጋዶ ሰድራቤታት ከም ብዓል ሰድራቤት መዲቺ፡ ኣብ ከባቢ 1500 ቅ.ል.ክ ተመስራተን ንኣብ ፍሎረንስ ዝነበረ ዕዳታት ኣብ ምጽራይ ይነጥፋ ነበራ። እቲ ዝተጠቐማሉ ዝተጠቕሰ ኣጉቡብ (ንወረቐት ባጤራ ከም መኩሓሓሲ ዕዳ ናይ ምጥቃም ኣጉቡብ) ካብ ጥልያን ሓሊፉ ዞባዊን ዓለምለኻውን ተግባራውነት ክህልዎ ክኢሉ።

ኑቲ ኣጉቡብ ዝያዳ ንምርዳእ፡ ነዚ ዝስዕብ ኣብነት ከቕርብ፡ ሓደ እንግሊዛዊ ነጋዳይ ካብ ሓደ ጥልያናዊ ነጋዳይ ብርኽት ዝበለ ክዳውንቲ ብሕሳብ 100 ናይ ወርቂ ገንዘብ ክገዝእ ደለየ፡ ግን ኣብ ክንዲ 100 ወርቂ ሳንቲም፡ ኑቲ ሕሳብ ክኸፍሎ ምኳኑ ዝገልጽ ናይ ሙብጽዓ ሰነድ ሰሪሑ ንሰድራቤት መዲቺ ሃቦም፡ ሰድራቤት መዲቺ ብወገኖም፡ ካብ ፈረንሳ ናብ ጥልያን፡ ወይኒ ንኸጉዓዕዘሎም ምስ ሓደ ብዓል መርከብ ብ100 ወርቂ ሳንቲም ተሰማሚዖም ነበሩ። ስለዚ ኑቲ ብዓል መርከብ፡ ኣብ ክንዲ ወርቂ ሳንቲም ነታ ናይቲ እንግሊዛዊ ነጋዳይ ዝነበረት ናይ መኽፈሊ ዕዳ መተኣማመኒ ሰነድ ሃብዎ። ኑቲ ፈረንሳዊ ከም መኽፈሊ ዕዳ ሰነድ ናይቲ እንግሊዛዊ ይሁብዎ ማለት እዩ። እዚ ክኸውን ዝኽኣለ ድማ ሰድራቤት መዲቺ ኣገዳሲ እሙናት ዓቀብቲ ሰነድ ስለ ዝነበሩ እዮም። በዚ ኣጉቡብ ናይ ወረቐት ባጤራ ማሽን ሰሪሖም ተባሂሉ ተገሊጹ። ድሕሪ ብዙሕ ዘመናት ግን እዚ ዝተኸተልዎ ኣጉቡብ ኣብ ክንዲ ናብ ሰድራቤታት ናብ ዓበይቲ ናይ ፋይናንስ ማእከላት እዩ ተሰጋጊሩ። እዚ ሓድሽ ሓይሊ ቁጠባ ድማ ጥልያን ዝበጽሖ ምንቕቓሕ (renaissanse) ፋይናንስ ኣብ ምግባር ዕዙዝ ተራ ነይሩዎ ጥራይ ዘይኮነ ንሰድራቤት ነጋውስ ብምምርዓው ክሳብ ጳጳሳት ክሸየሙን'ውን ሓጊዙዎም። በዚ ልዕል ኢሉ ዝተገልጸ ምኽንያት ድማ፡ ዝበዝሑ ሰራሕቲ ወርቂ (ገንዘብ) ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ክኾኑ ጀመሩ። ምኽንያቱ ጥቕሚ ናይ ወርቂ ገንዘብ እናንኣሰ ስለ ዝኸደ።

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ፑቲን፡ ኑክሌሳዊ መደባት ሃገሩ ከሐይል ምኻኑ ቃል ይኣቱ



ፕረዚደንት ፌደረሽን ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ሃገሩ ወተሃደራውን ቴክኖሎጂያውን ዓቕሚ ናይ ምዕባይ ንጥፈታታ ብዘይተዓፈነ ክትቅጽሎ ምዃና፡ ኑክሌሳዊ መደባታ ድማ ቀዳምነት ሂባ ክትሰርሓሉ ምዃና ገሊጹ።

ፑቲን ትማሊ ሰኑይ ዝ. ዝገለጾ፡ ኣብ ልዕሊ ዩክሬን ኣብ ዝቕጽል ዘሎ ወተሃደራዊ ስርሒት ዝተተኹ ዘለዉ ወተሃደራት ልኡላውነት ሃገርም ኣብ ምውሓስ ዝዀነ ዘይሕለፍ ግደ ተወፋይነት ድሕሪ ምምጓሱ እዩ።

እቲ ፕረዚደንት ቀጺሉ፡ ሩሲያ ብሓገዝ ሳይንሱ ቴክኖሎጂን ኢንዱስትሪን ተደጊፉ ንኩናት ዘለዋ ድሉውነት ከም እተዕቢ'ውን ቃል ኣትዩ። "ኑክሌሳዊ መደባትና ንጸጥታ ሩሲያ ዘውሕስ ብምዃኑ፡ ቀዳምነት ሂብና እንሰርሓሉ ኮይኑ ክቕጽል እዩ" ድማ ኢሉ።

ፕረዚደንት ፑቲን ነዚ ዝገለጸ ዘሎ፡ ኣብ መንጎ ሩሲያን ኣመሪካን ዝነበረ ስምምዕ ምቍጽጻር ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ድሕሪ ምብቃዑ ሓደ ወርሒ ኣብ ዘይመልአ ግዜ እዩ።

ምምሕዳር ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ መጻኢ ዝግበሩ ስምምዓት ምቍጽጻር ኑክሌሳዊ ኣጽዋር እንተላይ ንቻይና ዘጸንበር ክኸውን ከም ዘለዎ ድሕሪ ምግላጹ፡ ኣመሪካ ምስ ሩሲያ ዝነበራ ኑክሌሳዊ ውዕል ከም ዘኽተመ እዩ መርበብ ሓበሬታ 'ረሻ ቱደይ' ዝሓበረ።

## ግሪንላንድ፡ ንሓገዝ ፕረዚደንት ትራምፕ ትነጽግ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ናብ ደሴት ግሪንላንድ፡ ሆስፒታል ዝተዋደደላ መርከብ ክሰድድ ምዃኑ ድሕሪ ምግላጹ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ናይታ ደሴት ጀንስፍሪደሪክ ኒልሰን፡ ነቲ ሓገዝ ከም ዘይደልዮ ኣፍሊጡ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ዝለኣኾ ሓበሬታ፡ ኣብታ ደሴት ብዙሓት ዝሓመሙ ሰባት ግቡእ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ይረኽቡ ከም ዘየለዉ ድሕሪ ምግላጹ፡ ነቲ ጸገም ንምፍዋስ ዘመናዊ ሆስፒታል ዘለዋ ዓባይ መርከብ ናብታ ኣርክቲካዊት ደሴት ክልእኽ ምዃኑ እዩ ሓቢሩ ነይሩ።

መራሒ ግሪንላንድ ግን፡ "ፕረዚደንት ትራምፕ ኣገልግሎት ሕክምና እትህብ መርከብ ናብ ግሪንላንድ ናይ ምልኣኽ መደቡ ሰሚዕናዮ ኣለና። እንተ ኾነ ዜጋታትና ብጻ ኣገልግሎት ሕክምና እንህበሉ እኹላት ትካላት ጥዕና ስለ ዘለዋና፡ ናይ ኣመሪካ ሓገዝ ኣየድልየናን እዩ" ክብል ብማሕበራዊ መራኸቢታት ሓቢሩ።

ሚኒስተር ምክልኻል ዴንማርክ ትሮልስ ሉንድ ፖልሰን እውን፡ እታ ደሴት ካብ ትራምፕ ዝኾነ ሓገዝ ከም ዘይትደሊ ኣገንዚቡ።

እቲ ሚኒስተር ቀጺሉ፡ "ህዝቢ ግሪንላንድ፡ ኣብታ ደሴት ወይ ኣብ ዴንማርክ ዘድልዮ ሕክምናዊ ክንክን ብግቡእ ይረክብ ኣሎ" ክብል ኣረዲኡ።

ኣመሪካ፡ ካብ ሩሲያን ቻይናን ክመጽእ ንዝኽእል ጸጥታዊ ስግኣት ንምምካት ብዝብል ምስምስ፡ ንደሴት ግሪንላንድ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ከተእትዋ ዘለዋ ድሌት ካብ ዝሓለፈ ዓመት ኣትሒዛ ክትገልጽ ምጽንሓ ይፍለጥ።




## ፈረንሳ፡ ትራምፕ ኣብ ልዕሊ መራሕቲ ሕ/ኤውሮጳ ዘንበሮ እገዳ ከልዕሎ ጸዊዓ

ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማኑኤል ማክሮን፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ነቲ ኣብ ልዕሊ ሓያሎ ሰበ ስልጣን ሕብረት ኤውሮጳ ዘንበሮ እገዳ ከልዕሎ ከም ዝሓተተ፡ መርበብ ሓበሬታ 'ረሻ ቱደይ' ሓቢሩ።

ፈረንሳዊ ዜግነት ከም ዘለዎ ዝተገልጸ ኮሚሽነር ሕብረት ኤውሮጳ ነበር ቲየሪ ብሬተን፡ ሓደ ካብ'ቶም ናብ ኣመሪካ ከይኣትዉ ዝተኸልከሉ ሓሙሽተ ሰበ ስልጣን ናይቲ ሕብረት ከም ዝኾኑ ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ ገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ እገዳ ዝተኣወጀሎም ካልኦት ዜግነት ፈረንሳ ዘለዎም ሰበ ስልጣን'ውን ከም ዘለዉ፡ እቲ ኣመሪካዊ ብዓል ስልጣን ወሲኹ ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ማክሮን እቲ ብኣመሪካ ዝተወሰደ ስጉምቲ ዘይፍትሓዊ ከም ዝኾነ ብምጥቃስ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ንውሳኔኡ ዳግመ ግምት ክገብረሉ ኣተሓሳሲቡ።

"ኣብ ልዕሊ ቲየሪ ብሬተን ዝጸደቐ እገዳ ኣብ ጌጋ ትንታኔታት ዝተመርኰሰን ንምሕደራ ኤውሮጳ ዘዳኽም'ዩ" ድማ ኢሉ።

ኣመሪካ፡ ነቲ ኣብ ሕብረት ኤውሮጳ ዘሎ መጠኑ ዝሓለፈ ቁጽጽር ማሕበራዊ መራኸቢታት ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዛ ክትቃወሞ ከም ዝጸንሐት እዩ ዝንገር።

ብሬቶን ድማ፡ ነቲ ኣብ ከም ኤክስ፡ ፌስቡክን ጉግልን ዝኣመሰሉ ኩባንያታት ማሕበራዊ መራኸቢታት መሰረታዊ ምምሕያሽ ክግበር ዝሕግዝ ሕጊ ኣብ ምርቃቕ ቀሊል ዘይኮነ ተራ ክጻወት ከም ዝጸንሐ እዩ ዝሕበር።

በዚ ምኽንያት ከኣ፡ ሓደ ካብ'ቶም ናብ ኣመሪካ ከይኣትዉ ዝተኣገዱ ፈረንሳዊ ዜጋ ኮይኑ ከም ዘሎ እዩ መርበብ ሓበሬታ 'ረሻ ቱደይ' ዘረድአ።



## "ኣብ መላእ ዓለም ሰብኣዊ መሰላት ይግሃስ ኣሎ"

### ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት

ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረዝ፡ ኣብ ሱዳን፡ ፍልስጤምን ዩክሬንን ዘሎ ግጭትን ንሱ ዘስዓቦ ህልቂትን ከም ኣብነት ብምጥቃስ፡ ብዓለም ደረጃ ሰብኣዊ መሰላት ይግሃስ ምህላዉ ኣተሓሳሲቡ።

ኣንቶንዮ ጉተረዝ ኣብ መኽፈቲ ናይ'ቲ ኣብ ከተማ ጀኔቫ - ስዊዘርላንድ ዝቃንዕ ዘሎ ዋዕላ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ "ልዕልና ሕጊ፡ ብልዕልና ሓይሊ ይብዳህ ኣሎ" ክብል ገሊጹ።

ንሱ ወሲኹ፡ ሰብኣዊ ድሌታት ህዝቢ ዓለም እናወሰኸ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ፡ ነቲ ኣህጉራዊ ውድብ ዝግበር ፊናንሲያዊ ምወላ እናነከየ ይኸይድ ከም ዘሎ'ውን ሓቢሩ።

ሕቡራት ሃገራት ኣብ 2025 ብዘጋጠሞ ሕጽረት ባጀት፡ ኣብ ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ንዝተፈጸመ ገበናት ኩናትን ኣብ ኣፍጋኒስታን ንዘፍጽም ዘሎ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ዝምልከት መርመራ ከይጀምር ከም ዝተዓንቀጸ'ውን ጉተረዝ ወሲኹ ኣረዲኡ።



እቲ ዋና ጸሓፊ ወሲኹ፡ ኣብ ልዕሊ ፍልስጤም ዝቕጽል ዘሎ ኀይጣ ቅሉዕ ጥሕሰት ኣህጉራዊ ሕጊ ምዃኑን ንፍልስጤም ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ከም ዝኾነ ኣስሚሩሉ።

## ኣፍጋኒስታን፡ ኣብ ልዕሊ ፓኪስታን ሕነ ከም ትፈዲ ኣጠንቂቓ

ኣፍጋኒስታን፡ ፓኪስታን ኣብ ውሽጢ ልኡላዊ ግዝኣታ ብዝፈጸመቶ ደብዳብ ነፈርቲ ብውሑዱ 18 ዜጋታታ ከም ዝተቐትሉ ድሕሪ ምኽሳሳ፡ ኣብ ልዕሊ እታ ሃገር ሕነ ከም ትፈዲ ኣጠንቂቓ።

እቲ መጥቃዕቲ ዝሓለፈ ቀዳም ለይቲ ኣብ ዞባታት ናንጋርሃርን ፓክቲካን ከም ዝተፈጸመ እዩ ሰበ ማዚ ኣፍጋኒስታን ዝገለጹ።

ኣብ መወዳእታ እቲ ሚኒስትሪ፡ "ሓይሊ ኣየር ፓኪስታን ንሲቪላውን ሃይማኖታውን ቦታታት ዒላማ ገይሩ ንዝፈጸሞ መጥቃዕትታት ምሉእ ሓላፍነት ክወስደሉ እዩ፡ ነዚ መጥቃዕትታት ድማ ግቡእ ግብሪ መልሲ ክንህበሉ ኢና" ኢሉ።



ከም ሳዕቤኑ ድማ፡ ቤት ትምህርትን መንበሪ ኣባይትን ዝርከብዎ ሓያለ ህንጻታት በቲ መጥቃዕቲ ከፊኑ እንከሎ፡ ሙብዝሕትኦም ቆልዑ ሰበይቲ ዝኾኑ ብዙሓት ሰባት ድማ ጉዳያት ከም ዝኾኑ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣፍጋኒስታን ሓቢሩ።

እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ፡ እቲ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ንኣህጉራዊ ሕግን መትከላት ሰናይ ጉርብትናን ብቐሊዕ ዝጥሕስ ሓደገኛ ተግባር ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

ፓኪስታን ብወገና፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኣፍጋኒስታን ዝወሰደቶ ወተሃደራዊ ስጉምቲ፡ ግብሪ መልሲ ናይቲ ኣብ መጀመርታ ናይዚ ወርሒ'ዚ ኣብ ሓደ ናይ ሃይማኖታዊ ቦታ ብኣፍጋኒስታን ዝተፈጸመን ብውሑዱ 31 ሰባት ቀቲሉ ካልኦት 170 ሰባት ዘቑሰለን ነፍሰ ቅትለታዊ መጥቃዕቲ ከም ዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ መንጎ ክልቲአን ጎረባብቲ ሃገራት ዝጸንሐ ወጥሪ ካብ ዝሓለፈ ጥቅምቲ ኣትሒዙ እናኸረረ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ክልቲአን ሃገራት ንሓድሕደን ካብ ምውንጃል ከም ዘየዕረፋ እዩ ዝሕበር።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኖቫ | 24/02/2026 | ጎደና ዓይገት ቁ.ገዛ 214 ከባቢ ፖስጣ ዕዳጋ ዓርቢ | 07120574 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565